# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.148 ዓርቢ 20 ለካቲት 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ኣገዳስነት ማሕበራዊ ብቕዓት ኣብ ጥዕና


ገጽ 4
“ላም ምስ ምራኺ ክወስዱዋ ሓሊመ . . .


ገጽ 5
ወራር ቀይሕ ኮኾብን ታኼላ ቀይሕ መስመርን


ገጽ 9
ፈተነ ቅትለት ጀነራል ግራዚያኒ፡ ህልቂት ኣዲስ ኣበባ


ገጽ 10
ጣዕሳ
ናብ ሕሉፍ እንተ ንምለስ. . .


## ባይቶ ዞባ ማእከል፡ መበል 24 ስሩዕ ኣኼባኡ ኣቃኒዑ

ባይቶ ዞባ ማእከል፡ “ዕጥቅና ንመኸተን ልምዓትን” ብዝብል ቴማ፡ ብ18 ለካቲት መበል 24 ስሩዕ ኣኼባኡ ኣቃኒዑ።

ኣቦመንበር ባይቶ ኣቶ ኣብርሃም ስመረ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ብብጽሖቱ ዝሰላሰል መደባት ብመንጽር ተልእኾ ህሉው መድረኽ ክቃን ስለዝዋሃቦ፡ ኣባላት ባይቶ ኣብዚ መዳይዚ ብንቕሓት ክሰተፉ ከምዝዋሃቦ ገሊጹ።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ሸማግለታት ቀጠባዊ ልምዓት፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ባህልን ልምድን ከምኡ’ውን ሕግን ስርዓትን ካብ መበል 23 ኣኼባ ንደጀው ናይ ዝፀመሙ ንጥፈታት ዝርዝራዊ ጸብጻባት ኣቕሪበን።

ተሳተፍቲ ድሕሪ ዘቐደዎ ዘተ፡ ጽሬት ከተማ ዝድውን ተርእዮታት መውረርያ ክዋበረሉ፣ ሕጽረት ኣገልግሎት ህዝባዊ መጉዓዝያ ፍታሕ ክናደየሉ፣ ዝተዓጽዋ ህዝባውያን ዓይኒ-ምድሪ መሰረታዊ ጸገና ተገይሩለን ናብ ኣገልግሎት ንምምላሰን ክሰራሕ፣ ኣብ እዋን ክራማት ዕልቕልቕ ዝፈጥር ምዕባስ ፋኛቱራታት ደማ ፍታሕ ክናደየሉ ኣዘኻኺሮም።



ባይቶ ኣብ መወዳእታ፡ እዋናዊ ሸግራት ህዝቢ ዘቃልል መደባት ቀዳምነት ክወሃቦ፣ ብቕዓት ትምህርቲ ንምምሕያሽ ስሉሳዊ ዝምድና ክድልድል፣ ምጽጋን ናይ ቀጥራን ጽርግያታት ክቕጽል፣ ንመምርሒታት ብዓል-መዚ መጉዓዝያ ምድሪ ዝጥሕሱ ተሽከርከርቲ ስጉምቲ ክውሰደለን፣ ከምኡ’ውን ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምጽጋን ዘድሊ ጥረ ነገራት ክፍታሕ ዝብል ለበዋታት ኣሕሊፉ።


ስእሊ. ዮውሃንስ መብራህቱ

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን ንመደባት 2026 ኣመልኪቱ ንባይቶ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብዝሓየለ ክድፋኣሉ፣ ብማስመር ዝዕደል ማይ ንምስፋሕ ምስራሕ፣ ኣብ ኣርባዕተ ዓድታት ዲጋታት ንምህናጽ ዘድሊ ንጥፈታት ቅየሳን ምድላዋትን ምኪያድ፣ ምትእትታው ጸሓያዊ ጸዓት ኣብ ማሕረኣዊ ልምዓት፣ ከምኡ’ውን ምዕቃብ ማይን ሓመድን ምድላው እኹል ፈልስታትን ካብ’ቶም ተበግሶም ዘለዉ ቀንዲ መደባት ምዃኖም ገሊጹ።

## ኤርትራውያን ዲያስፖራ፡ ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ጸንቢሎም

ኤርትራውያን ነበርቲ ዓባይ-ብሪጣንያ፡ ጀርመን፡ ስካንዲነቭያ፡ ቀጠርን ኣመሪካን “ቅያ ፈንቅል ንወለዶታት” ብዝብል ቴማ፡ መበል 36 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ብልዑል ሓበን ጸንቢሎም።

ኤርትራውያን ነበርቲ ዓባይ-ብሪጣንያ ብ14 ለካቲት ኣብ ከተማ ለንደን ኣብ ዘቐደዎ ጽንብል፡ ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ተወልደ የውሃንስ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ስርሒት ፈንቅል ማስተንክራዊ ጅግንነትን ቁራጽነትን ህዝብን ተጋዳላይን ዝተማስከረሉ፣ ዓብ ሓርነት ዘርሓወ፣ ከምኡ’ውን ጽልዋ ሓርነታዊ ሰውራና ብዓለም ደረጃ ዝዓበየሉ ምንባሩ ገሊጹ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ጀርመን - ከተማታት ፍራንክፈርት፡ ኑርንበርግ፡ ሽቱትጋርት፡ ሙንሽን፡ ፋልዳ፡ ሃምቡርግ፡ ማንሃይም፡ ሽቱትጋርትን ካልኦትን ኣብ ዝተኻየደ ጽንብላት፡ ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ጠዓመ ሃይሉ፡ ፈንቅል ዓመት መጸ ንስለ ዝኽሪ ጥራይ ዘይኮነ፡ እቲ ስርሒት ብዘማስከሮ ቅያን ጅግንነትን እናተሓበኑ፡ ብልጽግቲ ኤርትራ ንምውሓስ ቃልና እናሐደሱ ኣጋጣሚ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ማሕበረኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ቀጠር ብ14 ለካቲት ኣብ ኣ’ደውሓ ኣብ ዝወደቦ ምዕሩግ ጽንብል፡ ኣምባሳደር ኤርትራ - ኣቶ ዓሊ ኢብራሂም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ስርሒት ፈንቅል ኣብሪ ዓወት ቃልስና ምዃኑ ብምግላጽ፡ እዚ ሪዚን ታሪኽ ናብ ወለዶታት እናተወራረሰ ንኽሰርጽ፡ ተራ ኩሉ ክዕዘዘ ከምዝዋሃቦ ኣረዲኡ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ኣብ ስቶክሆልም፡ የተቦሪ፡ ስካራቦሪ፡ ኦሬብሩን ያቭለብሪን - ሽወደን፡ ኦስሎ፡ ስታቫንገር፡ ክርስትያንሳንድ፡ የሳይምን ከብበኣን - ኖርወይ፣ ከምኡ’ውን ኦርሁስ - ዴንማርክን ሄልሲንኪ - ፊንላንድን ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ብድምቀት ከምእተጸንበለ፡ ካብ’ቲ ቦታ ዝጸሓፉ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ደንቨር - ኮሎራዶን ላስቨጋስ - ነቫዳን ብዝገብርዎም መበጽዓኦም ንዓወት ሃገራዊ መደባት እናሓደሱ፡ መበል 36 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ብልዑል ማዕርግ ጸንቢሎም።







# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## እስራኤል ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ወጢናቶ ዘላ ምዝገባ መሬት እንታይ ይመስል፧

መንግስቲ እስራኤል ኣብ ምዕራባዊ ገማግም፡ ወግዓዊ ዝኾነ ምዝገባ መሬት ክጅምር ምኻኑ እዩ ኣፍሊጡ ዘሎ። እዚ ማለት ኣብቲ ከባቢ ዝነብሩ ፍልስጤማውያን፡ ዋንነት መሬቶም ዘረጋግጽ መርትዖ ምስ ዘየምጽኡ፡ መሬቶም ብመንግስቲ እስራኤል ክውረስ እዩ። በዚ መሰረት ከኣ፡ መንግስቲ እስራኤል ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ህጹጽ ምዝገባ መሬት ክጅመር ዝወጸአ መደብ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣጽዲቕዎ።

እስራኤል ወጢናቶ ዘላ መሬት ፍልስጤም ዋንነታ ናይ ምግባር መደብ፡ ድሕሪ 1967፡ ንፈለማ እዋን እዩ። ብመሰረት ጸብጻባት፡ የርዳኖስ ንምዕራባዊ ገማግም፡ ካብ 1949 ክሳብ 1967 ተቖጻጺራትሉ ኣብ ዝነበረት እዋን፡ መሬት ናይቲ ከባቢ፡ ከም ውልቃዊ መሬት ወይ እውን ናይ መንግስቲ መሬት ተባሂሉ እዩ ዝምዝገብ ነይሩ። እንተኾነ ግን፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ሓደ ሰሶ ካብ ህዝቢ ፍልስጤም ጥራሕ እዩ ሕጋዊ ዝኾነ ሰነድ ዋንነት መሬት ኣማልኡ ዝርከብ። ዝተረፉ ኣብቶም ኣብዚ ከባቢ ዝነብሩ ፍልስጤማውያን፡ ወኒኖሞ ዘለዉ መሬት ዘረጋግጽ ሕጋዊ ወረቐት የብሎምን። ቀንዲ ምኽንያት ናይ መብዝሕትኦም ነበርቲ ምዕራባዊ ገማግም ዝኾኑ ፍልስጤማውያን፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብ 1967 ዝነበረ ውግእ ሽዱሽተ መዓልታት እስራኤልን ሃገራት ዓረብን፡ ዋንነቶም ዘረጋግጽ ሰነዳቶም ስለ ዝጠፍኦ እዩ። ድሕሪ፡ እስራኤል ንምዕራባዊ ገማግም ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ኣብ ዘእተወትሉ እዋን ግን፡ የርዳኖስ ተኻይዶ ዝነበረት ምዝገባ መሬት ደው ኣቢላቶ እያ። ኣብዚ ሕጂ ሰዓት፡ 60 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ስፍሓት ምዕራባዊ ገማግም ኣብ ትሕቲ መንግስቲ እስራኤል እዩ ዝርከብ። ብተወሳኺ፡ እዚ ሕጂ ዳግማይ ምዝገባ መሬት ዝጀመረሉ ሰፈሕ ከባቢታት ምዕራባዊ ገማግም፡ መንበሪ ናይ ኣስታት 300 ሽሕ ፍልስጤማውያን እዩ።

ኣብ 1993 ከምኡ'ውን ኣብ 1995 ኣብ መንጎ እስራኤልን ፍልስጤምን ብዝተበጽሐ ስምምዕ 'ኦስሎ'፡ ምዕራባዊ ገማግም ኣብ 3 ክፋላት እዩ ተመቒሉ። እቲ ዝተመቐለ ከባቢታት ድማ 'ኤ' 'ቢ' ከምኡ'ውን 'ሲ' ዝብል ቅጽል ስም ተዋሂብዎ። እቲ ንጀብሮን፡ ቤተ-ልሄም ራማላሕን ካልኦት ዓበይቲ ከተማታትን ዝጠቓለለ ከባቢታት 'ኤ' ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ፍልስጤም፡ መብዝሕትኡ ገጠራት ዝርከቦ ከባቢታት 'ቢ' ፍርቁ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ፍልስጤም ፍርቁ ድማ ንዝገረ እስራኤል፡ ወተሃደራዊን ሲቪላውን ሰፍራታት እስራኤል ዝኾነ ከባቢታት 'ሲ' ድማ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ እስራኤል ክመሓደር ተገይሩ። ይኹን'ምበር እቲ ውሳነ ንሓሙሽተ ዓመታት ጥራሕ ክጸንሕ፡ ድሕሪኡ ግን ምዕራባዊ ገማግም ኣብ ትሕቲ ፍልስጤም ክመሓደር እዩ እቲ መደብ ነይሩ። ይኹን'ምበር ዛጊት እቲ ከባቢ ናብ ፍልስጤም ኣይተሰጋገረን ዘሎ። እዚ ሕጂ እስራኤል፡ ወግዓዊ ዋንነታ ክትገብሮ ወጢናቶ ዘላ መሬት ድማ እቲ 'ሲ' ዝብል ቅጽል ስም ተዋሂብዎ ዝነበረ እዩ።

እስራኤል፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ጀሚራቶ ዘላ ምዝገባ መሬት ምዕራባዊ ገማግም፡ ካብ ሓያሎ ተጣበቕቲ ማሰላትን ፖለቲከኛታት እስራኤላውያንን ተረር ኩነኔ እዩ ገጢምዋ ዘሎ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ሰብመዚ እስራኤል እቲ መሬት ብኸመይ ኣገባብ እዩ ክምዝገብ ዝብሉ ግለ ሓበሬታታት ወግዓዊ ገይርዎ እያ ዘርከበ። ብመሰረት እቲ ወጺኡ ዘሎ ሓበሬታ፡ መንግስቲ እስራኤል ዋንነቱ ኣይተረጋገጸን ዝበሎ መሬት፡ ዋንነቱ ንዝገረ እስራኤል ከረጋግጽ እዩ። ጸብጻባት ከም ዝሓብርዎ፡ መንግስቲ እስራኤል ኣብ ዝመጽእ ኣርባዕተ ዓመታት፡ 15 ሚእታዊት ካብቲ ዘይተመዝገበ ዘሎ መሬት ምዕራባዊ ገማግም፡ ዋንነት እስራኤል ንምግባሩ መደብ ኣለዎ። ብመሰረት ዝተፈላለዩ ክኢላታት፡ ፍልስጤማውያን ነበርቲ ምዕራባዊ ገማግም፡ ዋንነት መሬቶም ከረጋግጹሉ ኣብ ዘይክእሉ ደረጃ ክበጽሑ ይኽእሉ እዮም። እዚ ማለት፡ ተመዛገብቲ ዝጸንሐ መሬት ዘረጋግጽ ሰነዳት፡ ብሰንኪ ውግእን ካልእን ጠፊኡ ከምኡ'ውን ነዊሕ እዋን ኣቑጺሩ ብምህላዉ፡ ፍልስጤማውያን ኣብቲ ከባቢ ውልቃዊ ናይ ዋንነት ማሰላቶም ክኸስሩ ይኽእሉ እዮም።



እስራኤል ነዚ ወጢናቶ ዘላ ካብ 2026 ክሳብ 2030 ዝቐድድ ምዝገባ መሬት ምዕራባዊ ገማግም፡ ኣስታት 79 ሚልዮን ዶላር ክውድኣላ ይኽእል። ብተወሳኺ እስራኤል ኣብቲ ከባቢ ነቲ ናይ ምዝገባ ማሰርሕ ዘካይዳ ኣስታት 35 ዝተፈላለዩ ጽፍሕታትን ሃገራውያን ትካላትን ከተቕውም እያ መደብ ኣውጺኣ ዘላ።

ምዕራባዊ ገማግም ብሓፈሻ ሰፍራ ናይ ኣስታት 3.3 ሚልዮን ፍልስጤማውያን እዩ። ብተወሳኺ ኣስታት 700 ሽሕ እስራኤላውያን ኣብቲ ከባቢ ይነብሩ እዮም። ኣብዘን ዝሓለፋ ቀረባ ዓመታት እስራኤል፡ መሬት ናይቶም ኣብዚ ከባቢ ዝነብሩ ፍልስጤማውያን ክትዝምቶ ጸኒሓ እያ - ብመሰረት ጸብጻባት። ብተወሳኺ እስራኤል ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ኣብ ልዕሊ ዝነብሩ ፍልስጤማውያን ብምውራር፣ ናይ ፍልስጤማውያን ኣባይቲ ከተፍኡ፡ ፍልስጤማውያን ክትኣስር፣ ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ንዋቶም ከቢድ ዕንወት ከተውርድ ጸኒሓ እያ። በቲ መጥቃዕቲታት ዝተሰናበዱ ኣስታት 44 ማሕበረሰብ ፍልስጤማውያን ድማ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ቀረባ ዓመታት ካብቲ ከባቢ ግዲዞም እዮም። ብዘይካ'ዚ ካልኦት ብዙሓት'ውን ጉዳይ ሞት ኮይኖም እዮም። ብመሰረት ወግዓውያን ጸብጻባት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፣ ኣብዘን ዝሓለፋ፡ ኣብ መንጎ እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን ዝተኻየደ ሰለስተ ናይ ውግእ ዓመታት፡ ብውሕዱ 1,054 ፍልስጤማውያን ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ተቐቲሎም።

ብዙሓት ተንተንቲ ፖለቲካ ከም ዝገለጽዎ ዘለዉ፡ እስራኤል ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ዝሎ መሬት ፍልስጤማውያን ንምውራስ ተኻይዶ ምዝገባ፡ ኣብቲ ከባቢ ከቢድ ዕግርግር ከለዓዕል ይኽእል እዩ።

ንምኻኑ ግን ማሰርሕ ምዝገባ መሬት እስራኤል ሕጋዊ ድዩ፣ ዝብል ሕቶ ንሓያሎ ወገናት እዩ ኣዛሪቢ ኮይኑ ዘሎ። ኣብ 2024፡ ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ፣ እስራኤል ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ተኻይዶ ዘላ ምምንዛዕ መሬትን ሃብትን ከምኡ'ውን ምግዕዛዝ ህዝቢ፡ ብሓፈሻ ዘይሕጋዊ፣ ወግዓዊ ተቐባልነት ዘይብሉን እዩ ኢሉ ነይሩ። ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ብተወሳኺ፡ እስራኤል ንዋሒ ዓመታት ተቖጻጺራቶ ዘላ መሬት ፍልስጤማውያን ብቕልጡፍ ደው ከተብሎ እዩ ኣብቲ ሽው እዋን ጸዊዑ። በዚ ከኣ እስራኤል ወሲናቶ ዘላ መሬት ናይ ምምዝጋብ መደብ፣ ንኣህጉራዊ ሕጊ ዝጥሕስ ምኻኑ ክገርዳእ ንኽእል። ኣህጉራዊ ሕጊ ንጹር እዩ፡ እስራኤል ንሰፈሕ ከባቢታት ምዕራባዊ ገማግም ስለ ዝተቖጻጸረቶ፡ ካብ ፍልስጤማውያን መንዚዓ ልኡላዊ ግዝኣት ክትገብሮ ድማ ብመንገዲ ሕጋዊ ኣይተዋህን።

ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረስ ብወገኑ እስራኤል ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ከተካይዶ ወጢና ዘላ ምዝገባ መሬት ዘይሕጋዊዩ ብምባል ብትሪ ኮኒኑዎ ይርከብ። ንሱ ወሲኹ ነቲ ብዓይኒ ኣህጉራዊ ሕጊ ፍጹም ተቐባልነት የብሉን ዝበሎ ስጉምቲ፡ እስራኤል ዳግመ ግምት ክትገብረሉን ብቕልጡፍ ደው ከተብሎን እዩ ጸዊዑ።

ብዘይካ'ዚ ወሳኒ እስራኤል፡ ነታ ጎረቤት ሃገር ዝኾነት የርዳኖስውን ኣቐጢዕዋ እዩ ዝርከብ። እዛ ኣስታት 482 ኪ.ሜ ስፍሓት ዘለዋ ዶብ፣ ምስ እስራኤልን ምዕራባዊ ገማግምን እትማቐል የርዳኖስ፣ ውሳነ እስራኤል ቀሊዕ ምግሃስ ኣህጉራዊ ሕጊ ብምባል እያ ዝሓለፈ ሰሉይ ክትኩንኖ ተራእያ። ኣብ 1994፡ እስራኤልን የርዳኖስን ብ 'ዋዲ ዓረብ' ዝፍለጥ ስምምዕ ድሕሪ ምኽታመን ክልቲአን ሃገራት ኣብ ዝተፈላለዩ ጽፍሕታት ብሓባር ክሰርሓ ጸኒሐን እየን። ብመሰረት እቲ ስምምዕ ክልቲአን ሃገራት፣ ክልተኣዊ ዝምድናታተን ብምሕያል፣ ዓበይቲ ናይ ንግዲ፣ ቱሪዝም፣ ሃብቲ ማይ፣ መጓዓዝያን ኣከባቢን ስምምዓት ከቲመን እየን። ይኹን'ምበር ክልተኣዊ ዝምድናታት እስራኤልን የርዳኖስ ጸቢቕ ኣብ ዝግስግሰሉ ዘሎ እዋን፡ ውሳኔ እስራኤል፡ ብዓይኒ የርዳኖስ ሓደገኛን ኣገዳሲ ተኻታፍን እዩ። ቀንዲ ምኽንያት ናይዚ ከኣ፡ የርዳኖስ እውን ካብ ምዕራባዊ ገማግም ክመዛበሉ ዝኽእሉ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ፍልስጤማውያን ናብ ሃገራ ከይውሕዙ እዩ። በዚ ከኣ የርዳኖስ ምስ ካልኦት ዞባውያንን ኣህጉራውያንን መሻርኽቲ ኣድላዪ ዝበሎቶ ስጉምቲ ክትወስድ ምኻና እያ ተጠንቂቕ ዘላ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ተካይዶ ብዘላ ኣልማሚ ደብዳብ፣ ዛጊት ልዕሊ 70 ሽሕ ሰላማውያን ሰባት ተቐቲሎም እዮም። ብዘይካ'ዚ ካልኦት ብዕሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት እውን ቆሲሎም ህጹጽ ረዲኤት ክረኽቡሉ ኣብ ዘይክእሉ ደረጃ በጺሖም እዮም።




### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊመዝሙር |
| 12:02 | መቓልሕ መንእሰይ ሳዋ 2ይክፋል |
| 12:30 | ዜና(ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜናስፖርት |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 16:04 | ሞዛይክ(1ይክፋል) |
| 17:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17:20 | ዳህሳስ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ(2ይክፋል) |
| 19:25 | እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም'ሳውን'3 |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳዘዞማም |

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ወራር ቀይሕ ኮኾብን ታኼላ ቀይሕ መስመርን

መበል 15 ክፋል

ብዕለት 23/2/82 ንግሆ፡ ኣሃዱታት ጸላኢ ክልባል ብርጌድ 20 ብደቡብ፣ ፓራትሞንዶ ብርጌድ-4 ብሰሜን ንዮጦ. ብራኸ 1603፡ ብርጌድ 32 ንዮጦ. ብራኸ 1452፡ ብርጌድ 39 ንዮጦ. ብራኸ 1389፡ ብርጌድ 40 ድማ ንዮጦ. ብራኸ 1128 ከጥቅዑ ተንቀሳቒሶም። ክብድ ዝበለ ክሳራ ምስ ገጠሞም ግን ንድሕሪት ተመሊሱ።

ብዕለት 24/2/82 እውን ውግእ ቀጺሉ ወዒሉ። ድሕሪ'ዚ ብመሰረት እዚ ውቃው ዝለኦ ትእዛዙ፡ ኩለን ክ/ጦራት ውግእ ጠጠው ከም ዘበላ ብምግባር፡ ዕለት 25/2/82 ከኣ ኑቲ ዝቐጸል መጥቃዕትታቶም ናይ ምድላው መዓልቲ ኮይና ወዓለት። ድሕሪ ናይ ሓደ መዓልቲ ምውድዳብ ከኣ ዕለታት 26-27/2/82 መጥቃዕቲ ቀጺሉ ወዒሉ፡ እንተኾነ፡ ኣብ ባይታ ዝተራእየ ምቅይያራት ኣይነበረን። ጸላኢ ተተጸፊዑ ንድሕሪት ክምለስ ወዒሉ።

ድሕሪ'ዚ ከኣታት ንኽልተ መዓልታት ኣብሉ ሃዲኡ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብዕለት 1/3/82 ፓራትሞንዶ ብርጌድ-4ን ክልባል ብርጌድ 20ን ንኣ/ብ 1603 ናይ መናውራ ምንቅስቓስ እናገበሩ፡ ብርጌድ 32 ናብ ነ/ብ 1203 ኣጥቂዑ ንምሓዝ'ውን ከቢድ ፈተነ ገይሩ። ማዕረ ማዕረኡ፡ ብርጌዳት 40ን 42ን ንኣ/ብ 1128 ንምሓዝ ተንቀሳቒሶም። እዚኦቶም'ውን ከቢድ ክሳራ ተሰኪሞም ተመሊሶም። እቲ ኹሉ ፈተነታት ክግበር፡ ኣሃዱታት ጸላኢ ጸዑቕ ዝኾነ ናይ ከቢድ ብረትን ነፈርቲ (ሚጋትን ሄሊኮፕተራትን) ዘዩቋርጽ ደገፍ ነይሩወን።

እዚ ብወገን የማን ዝግበር ዝነበረ ናይ ጸላኢ መጥቃዕትታት ዝቃወማ ዝነበራ ናይ ህሰ ኣሃዱታት፡ ሽሞንተ ሓይሊ ነይረን። ሓንቲ ሓይሊ ካብ ብርጌድ 44 ከም ረዳት ንማእዶን ንምክልኻል ተላኢኻ ምስተን ኣብኡ ዝነበራ ካብ ግንባር ናቕፋ ዝመጽኣ ሓይልታት ኣንጻር ክ/ጦር-3 ተዋጊኣ። ከምኡ'ውን ሓንቲ ቦጦሎኒ ናይ ወያነ፡ ሓንቲ ሓይሊ ናይ ብርጌድ 23፡ ብድምር ኣርባዕተ ቦጦሎኒታት ነይረን። ብተወሳኺ፡ ኣብ ከባቢ ወጀባ ኮይነን ዝተኰሳ ክልተ ታንክታት ናይ 100 ሚ/ሜተርን ክልተ ማሕታ ጸረ-ነፈርቲ ናይ ብርጌድ 76 እውን ነይሩ። ኣብዚ ተደጋጋሚ ናይ ምርብራብ ግጥማት፡ ጸላኢ ተሰፉ እናቐረጸን እናደኸመን ናይ ምግባር ክእለቱ እናማህመነ ክኸይድ ተራእዩ። ህሰራዊት ናይ ምክልኻል ዓቕሙ ኣብ ዘጠራጥረሉ ደረጃ ከም ዝበጽሐን ጸላኢ ዝተወሰነ ዓቕሚ ከም ዘኸሰረን ተገምጊመ'ሞ፡ ጸላኢ ንዝሓዘ ቦታታት ምምላስ ከም ዘኽእል ተመዛኒ ጸረ-መጥቃዕቲ ምውሳድ ከም ኣማራጺ ክሕሰብ ተኻኢሉ።

ክ/ጦር 23 ኣብ ከባቢ ክሳድ መሸዓሊብን ኣፍላግን፡ ኣሃዱታት ክ/ጦር 19 ኣብ ፋሕን ምዕራባውን ሰሜናውን ጀላፍ በጺሖም። እንተኾነ፡ ናብቲ ደሓር ዝተታሕዘ ዕርድታት ህሰራዊት ንምጥሓስ ተደጋጋሚ ፈተነታት ኣብ ዝገበሩሉ ግዜ፡ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ተዳኺሞም ሞራሎምን ናይ ምግባር ዓቕሞምን ወደቐ። ንኸኒታት ጸላኢ ብምምዛን ከኣ፡ ኣብቲ ከባቢ ዓራዱ ንዝነበረ ኣሃዱታት ጸላኢ ንምጭፍላቕን ናብቲ ቀዳማይ መከላኸሊ መስመርና ንምምላስን ህሰራዊት ካብ ዕለት 7/3/82 ክሳብ 9/3/82 ሰለስተ መዓልታት ዝወሰደ ጸረ-መጥቃዕቲ ገይሩ። ጸላኢ ተቐጺጺሩዎ ዝነበረ ቦታታት ኣዝዩ ሰፊሕን ምስ ብዙሑ ዘይመጣጠን ኮይኑ፡ ሓድሕዱ'ውን ጸኒዑ ምትእስሳር ኣይነበሮን። ግን ንምክልኻል ዝሕግዝዎ ቦሊሒትን ቀርጽርጽ ዝተሓላለኸ ቦታታት ነይሮምዎ።

ድሕሪቲ ወገን ዝወሰዶ ምክልኻልን ጸረ-መጥቃዕትን፡ ኣዘዝቲ ውቃው ናይ መጥቃዕቲ መደባቶም ከምቲ ዝሓሰብዎ ክኸዱሎም ኣይከኣለን። ጥራይ ዘይኮነ፡ ኩሉ መደባቱ'ውን ተዘናበሉ። ሰራዊቱ ኣብቲ ዝበጽሖ ቦታታት ኣትኪሉ ንምሓዝ'ውን ብቐዓት ስኢኑ። እቲ ብየማን መጢጡ ከባቢ ክሳድ መሸዓሊብ በጺሑ ዝነበረ ክ/ጦር 23፡ በቲ ጸረ-መጥቃዕቲ ክሳራታቱ ተሰኪሙ ዛዕዚዑ እናበለ ናብቲ ቀድሚ ምጅማር ወራር ዝነበሮ መበገሲ ቦታኡ ተመሊሱ። እዚ ውቃው፡ ዘይሓሰቦን ዘይተጸበዮን ኩነታት ስለ ዘጋጠሞ፡ ብ/ጀነራል ኣበራ ኣበበ ከም ዕቡድ ከልቢ ኣዕገርገረ። ንክ/ጦር 23 ትርፍራፍ ሰራዊቱ ጠርኒፉን ወዲቡን ቀልጢፉ ብወድጋንን ጸማድን (በቲ ኣቐዲሙ ዝነበረ መንገዲ) ናብ ከባቢ ዜሮ ክምለስ ጸቕጢ'ኳ እንተብዝሓሎ፡ ብግብሪ ግን ዝከኣል ኣይነበረን። ኣብዚ ዝተሳተፋ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ዓቕመን ክልተ ቦጦሎኒን ሓይልን'የን ነይረን።

ኣሃዱታት ክ/ጦር 23፡ ናይ ዝተወሰደለን ጸረ-መጥቃዕቲ ስንብራት ገና ከየሕወያ፡ ማለት፡ ሓለፍቲ ፍናናም ተዓኺሙን ተሰፉ ቀሪጸምን እንከለዉ፡ ብዕለት 13/3/82 ብየማን (ከባቢ ወድጋንን ጸማድን) ካልእ ናይ ምጥቃዕ ተበግሶ ወሲዶም። ምስተን ቀድሚ ቀዋሚ ደፋዕ ዝሓለፉ ኣብቲ ከባቢ ዝነበራ ኣሃዱታት ህሰራዊት ውግእ ጸሚዶም። ንጽባሒቱ (ዕለት 14/3/82) ንጸማድን ከባቢኣን ብምሓዝ ከኣ ታርጌቱ ናብ ብራኸታት 1176 (መሪሕ) 886ን ገይሩ ተንቀሳቒሱ። ብተወሳኺ፡ እቲ ኣብ ጸጋም ዓራዱ ዝነበረ'ሞ ብኢጋር ብርጌድ 104ን ብዓሻ ብርጌድ 29ን ቦታኡ ተተኪኡ ብዕለት 11/3/82 ናብ ቦታ ክፍለጦር 23 ዝተደረበ ብርጌድ 51 ጸላኢ፡ ንኣ/ብ 1157 (ቆፎ) ኣጥቂዑ ንኽሕዝ ኣብ ከቢድ ግጥም ተጸሚዱ ወዒሉ። ብዕለት 15/3/82 ከኣ፡ ፓራትሞንዶ ብርጌድ-4 ኣብ ጸማድ፣ ብርጌድ 93 - ካብ ምብራቕ ኢትዮጵያ 6ይ ወራር ምስ ተጀመረ ኣብ ቀዳማይ ሰሙን ናይ ወርሒ 3/82 ናብ ውቃው ዝተጸንበረ - ኣብ ከበት ከርቢን ከም ሓለዋ ብምግዳፍ፡ ክልባል ብርጌድ 20 ንኣ/ብ 1176፣ ሜካ/ብርጌድ 32 ድማ ንኣ/ብ 882 ኣጥቂዖም ክሕዙ ኣብ ከቢድ ሃልኪ ወዒሎም። ጽባሕ ዕለት 15 (16/3/82) እውን እቲ መደብ ቀጺሉ ወዒሉ፡ ኮይኑ ግን፡ ተደጋጋሚ ፈተነታቶም ፈሽሉ።

እቲ ህዝባዊ ሰራዊት ሒዙዎ ዝነበረ ቦታታት ኣጻድፍን ኣዝዩ ኣሸጋርን እዩ። እዚ ጸገም'ዚ ካልእን ኣመልኪቶም ታሕተዎት ሓለፍቲ ሰራዊት ጸላኢ ንላዕሊ ዘቕርቡዎ ዝነበሩ ርእይቶታትን ሓሳባትን ተቐባልነት ይረኽብ ኣይነበረን። ተደጋጋሚ ፍሹል ፈተነታቶም ክብገን ሰጠቕን እናበለ ኸኣ ኣብዚ ከባቢ ክሳብ 24 መጋቢት 1982 ጸኒሑ። ኣብዚ ዝተጠቕሰ ናይ ክንዲ የማን ምርብራብ፡ ካብ ታባ መዝሞቲ ክሳብ ጫፍ የማን ኣሰረን ዝነበራ ኣሃዱታት ህሲሓኤ. ብር/44 ብምልእታ፡ ክልተ ሓይሊ ካብ ብርጌድ 23፡ ምስ ሓንቲ ቦጦሎኒ ናይ ወያነ ነበራ።

ናብ'ዚ ክንዲ ዝወፈረ ኣሃዱታት ክ/ጦር 23 በቡሓደ ምስ እንርእዮ፤ እቲ ክልባል ብርጌድ 20 ዝተባህለ ኣብ ግ/ሰ/ምብራቕ ሳሕል ቀድሚ ምእታዉ ኣካል ግብረሃይል 503 ክ/ጦር-6 ዝነበረ እዩ። ኣብ ዝተፈላለየ


ተጋዳላይ ኣብ ጸረ-መጥቃዕቲ

ቦታታት - ዓዲ ተከሌዛን፡ ዝዋዕብ፡ መስመር ኣስመራ-መንደፈራ - ከም ሓለዋ ተዋፊሩ ዝጸንሐ እዩ። ግብረሃይል 503 ብዋዜ ሓምሻይ ወራር ኣብ ሳልሳይ ግንባር ምስ ተደምሰሰ፡ በቶም ዝተረፉዎ ወተሃደራት ሓደሽ ኣወዳድባ ገይሩ ዳግማይ ዝቖመ ብርጌድ'ዩ። ድሕሪ'ዚ ምስ ብርጌድ 32 ብሓባር ናብ ግንባር ሰ/ም/ሳሕል ከም ዝኣቱ ተገይሩ።

ዓይነት ሰራዊት ክልባል ብርጌድ፡ ብምሉኡ ምዱብ ሰራዊት'ዩ። ግን፡ 10ይ ክ/ጦር ኣብ ዝተበተነሉ እዋን ካብ ኣሃዱታት ምልሻ ስለ ዝተሓወሶ፡ ኣብ እዋን ሻድሻይ ወራር ዳርጋ ዝተሓፍፈጸ'ዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ቅድመ-ወራር ምጅማሩ ጸላኢ ኣብ ልዕሊ'ዚ ኣሃዱ'ዚ ዝነበሮ ኣጠማምታ፡ ዝሓሸ ናይ ምውጋእ ብቕዓት ከም ዘለዎ ገይሩ ግምት ይህቦ ነይሩ። ኣብ እዋን ተበግሶ ህሰራዊት ከም ዝተራእየ'ውን ኣትኪልካ ኣብ ምውጋእ ካብተን ካልኦት ብርጌዳት ዝሓሸ ነይሩ። እንተኾነ ግን፡ ከምተን ካልኦት ብዘይምህዳሙ ዝለዓለ ጉድኣት ክሰከም ገይሩዎ እዩ። ምኽንያቱ ናይ ምትካል ድሌቱን ጸቡቕ ኣተኣላልያ መራሕቱን ኣብ ባይታ የማስክር ነይሩ እዩ።

ክልባል ብርጌድ ጸላኢ፡ ወራር ምስ ተጀመረ ኣብ ትሕቲ ክ/ጦር 23 ኮይኑ ብበለጻትን ዜሮን ኣቢሉ፡ ምስ ናይ ህዝባዊ ሰራዊት ጽኑዕ ምክልኻል ክዋጋእ ጸኒሑ። ብ7 መጋቢት 1982 ብዝተወሰደ ጸረ-መጥቃዕቲ፡ ዓቕሚ ሰቡ ተዳኺሙ ናብ ከባቢ 700 ለጠቕ ኢሉ። ምኽንያቱ ወራር ክጅመር ከሎ ከባቢ 1,200 ዓ/ሰብ ነይሩዎ። ኣብቲ ዝተኻየደ ውግእ፡ "ንሰራዊት ከም ዝሃድም ገርኩም" ዝተባህሉ ሓደ ናይ ሻምበል ኣዛዚን ኣርባዕተ ወተሃደራትን ተረሺኖም።

ድሕሪ'ዚ ብወገን ደብዮት-ዓገት ምስ ክ/ጦር 23 ሓቢሩ ወተሃደራዊ ምንቅስቓስ ገይሩ ነይሩ። ብዕለት 1/4/82 ብህሲ.ኣብቲ ከባቢ ብዝተጀመረ ጸረ መጥቃዕቲ ኣብ ፍጹም ከበባ ኣትዩ ክሳብ ካብ መኣዝኑ ቦታኡ ተበጺሑ። ኣብቲ ውግእ'ቲ፡ ናይ ብርጌድ ኣዛዚ (ሌ/ኮሎኔል ግደይ) ናይ ስለያ

ሓለፍን ከሞቱ እንከለዉ፡ ናይቲ ብርጌድ ኢታማጆር'ሹምን ናይ ወፍሪ ሓለፍን ድማ መቐሰልቲ ኣጋጢሙዎም። ብዘይካ'ዚኦም ክልተ ናይ ሻምበል ኣዘዝትን ኣዛዚ መድፍዕኛ ባትርን ሞይቶም። ኣዛዚ ሻለቃ 203፡ ሓላፊ ወፍርን ኣዛዚን ሻምበል 2042ን ድማ ቆሲሎም። ድሕሪ'ዚ ውግእ'ዚ ዓቕሚ ሰቡ ናብ ከባቢ 330 ስለ ዝወረደ ብሓደ ሞቶኣሊቃ ከም ዝእለ ተገይሩ ነይሩ።

ፓራትሞንዶ ብርጌድ-4 ድሕሪ ተበግሶ ህሰራዊት ብወርሒ ለካቲት 1982 ናብዚ ግንባር ዝኣተወ ኣሃዱ'ዩ። ካብ ዝኣቱ ኣትሒዙ ክሳብ ወርሒ ግንቦት 1982 ኣብ

ክ/ጦር ምንቅስቓስ ናይ ጎደኒ ደገፍ ብምሃብ ቀንዲ መኣዘዚን ቦታ ፖለቲካዊ ቤ/ጽሕፈትን ምቍጽጻር'ዩ ተመዲቡ ነይሩ።

ወፍሪ ተጀሚሩ ክ/ጦር 23 ብለቓት-ፋሕ ኣብ ዘጥቅዓሉ ግዜ ግን፡ ካብ ሰራዊት ወገን ተሪር ናይ ምክልኻል ተቓውሞ ስለ ዘጋጠሞ፡ ብርቱዕ ክሳራ ወሪዱዎ። ካብ 7 መጋቢት ንደሓር ብዝተወሰደ ጸረ-መጥቃዕቲ ኸኣ፡ እቲ ክ/ጦር ብምሉኡ ኣብ ናይ ቅድመ ወራር መዋግኢ ተመሊሱ። ሽዑ፡ ፓራትሞንዶ ብርጌድ-4 ፋሕፋሕ ኢሉ ከሲሩ ተሪፉ። ባዕሉ መራሒ ናይቲ ብርጌድ፡ እቲ ሰራዊት ክልተ ደቒቕ'ውን እንተኾነ ከትክል ከም ዘይከኣለ ተዛሪቡሉ ነይሩ። ዓቕሚ ሰቡ ናብ ከባቢ 500 ወሪዱ ሕልንኡ ዓሪቡሉ ኣብ ዝነበረ እዋን፡ እቲ ኹሉ ዕንወት ኣዛዚ ክሕተተሉ ዝግበኦ ከሎ፡ ግን ጠንቂ ስዕረት ብኻልእ ተመኽንዩ ሓሊፉ። ንሱ ከይኣክል፡ ሓላፊ ናይቲ ብርጌድ (ግሩም ኣበበ) ናይ ሌ/ኮሎኔልነት መዓርግ ከም ዝወሃብ ተገይሩ። እዚ ስዒብ'ዚ፡ ናይ ደርግ ቀንዲ ተኣማንነ ፈታው ጽሩራን ምንባሩ'ዩ ዝፍለጥ።

እዚ ብርጌድ'ዚ ብኸባቢ ሃማሴት ተሰሊፉ ንህዝባዊ ሰራዊት ክጥሕስ ስለ ዘይከኣለ፡ ምስ'ቲ ክፍለጦር ኮይኑ ንኣ/ብ 1465 (ከባቢ ዓረት) ቦታ ሒዙ። ኣብ ዕለት 1/4/82 ንዝጀመረ ናይ ህሰራዊት ጸረ-መጥቃዕቲ


ምሩኻት ወተሃደራት ጸላኢ

ክ/ጦር 15 ከም ተደረበ. ብርጌድ ኮይኑ ግዝያዊ ምምሕዳራዊ ምትእስሳር መስርቱ ነይሩ። ድሕሪኡ፡ ምስ ንኡስ ግብረ ሃይል 505-ለ ብግዝያዊ ምምሕዳር ተደሪቡ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ምስ ምምስራት ክ/ጦር 23 ምሉእ ብምሉእ ኣካል'ዚ ክ/ጦር'ዚ ኮይኑ ተመዲቡ። እዚ ብርጌድ'ዚ ናብ ግንባር ክኣቱ ኸሎ፡ ካብተን ጸላኢ ኣለዋኒ ኢሉ ዝጽተሰንን ዓቢ እምነት ዘንበረለንን ብርጌዳት ሓደ ነይሩ። ዳርጋ ኩላቶም ኣባላቱ ምዱባት ሰራዊት ኮይኖም፡ ሕልፍ-ሕልፍ ኢሎም ዘይተማልአ ትምህርቲ ኮማንዶ ዝሰልጠኑ ነበሩ። በዚ መሰረት ጸላኢ እዚ ብርጌድ'ዚ ኣብ ትሕቲ ክ/ጦር 23 ብምዃኑ ኣብ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ ዝተፈልየ ተልእኾ ክፍጽም ዕማም ሂቡዎ ነይሩ። ክ/ጦር 23 ወጀባን ሕሽክብን ምስ ተቖጻጸረ፡ ፓራትሞንዶ ብርጌድ-4 ጸላኢ ክሳብ ዓምበርበብ ተንቀሳቒሱ ኑቲ ናይ 19

ካብ ካልኦት ኣሃዱታት ድሕሪት ተሪፉ በይኑ ክከላኸል ፈቲኑ ነይሩ። እዚ ክገብር ዘኽኣሎ፡ ሒዙዎ ዝነበረ ቦታታት ኣጻድፍ ብምንባሩ'ዩ እምበር ከትክል ክእለት ስለ ዝነበሮ ኣይኮነን። ግን፡ ኣብኡ'ውን ተኸቢቡ ፋሕ-ብትን ክሳብ ዝብል ኮይኑ። ኣዛዚ ብርጌድ ግሩም ኣበበ'ውን ኣብኡ ተወጊኡ ንሕክምና ከይዱ። ኣብዚ ግጥም'ዚ ጥራይ 216 ናይ ምውታትን ቍሱላትን ክሳራ ኣጋጢሙዎ። ኣብ መወዳእታ፡ ምስ'ቲ ተማሳሲሊ ክሳራ ዘጋጠሞ ክልባል ብርጌድ 20 ብምኽኣን ናይቲ መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ምክልኻልን ናይ መናውራ ምንቅስቓስን ዝርኣየሉ ማእከላይ ቦታ ብምኻድ፡ ካብ ተራራ ብርጌድ 40 ሓደሽ መዛዋዕብ ተረኪቡ ኣብኡ ሓዘ።

መእረምታ፡- ኣብ ዓንቀጽ መበል 14 ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ን "ኮሎኔል ግርማ ተሰማ" ኣብ ዝምልከት፡ "ኣዛዚ ተራራ ክ/ጦር 19" ምባል ጌጋ ኮይኑ፡ ኣቐዲሙ ሓሊቓ ስታፍ 3ይ ክ/ጦር፡ ድሒሩ ምስ ምቅርራብ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ ግን ኣዛዚ ክ/ጦር 23 ኮይኑ ከም ዝተመዘዘ ንሕብር። "ኮሎኔል ግርማ ተሰማ" ማለት፡ እቲ ኣብ ምድምሳስ ውቃው እዝ (ዓመተ 1984) ብህዝባዊ ግንባር ዝተማረኸ ምኽትል ኣዛዚ እዚ ውቃው ዝነበረ እዩ።

**ሌ/ኮሎኔል በኹረጼን ገብረሚካኤል (ኢ.ፒ.ኣር.ፒ)**

ይቕጽል


40 ሚሊ. ኣብ ተጋደልቲ ጥራይ ዝተዓጥቀ ብረት

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ሽረዓ

ዘምዝም ሓጅኑር ኣሕመድ፡ ብዓል ቤተይ ኣማን ኣደም ኣሕመድ ስለዝተሰወኡ፡ ወረስቱ ኣነ ምስ ደቁ መንሱር ኣማን፡ ሰሚር ኣማን፡ የሰሩ ኣማን መርዋን ኣማን፡ ማዝራ ኣማን፡ ኣደም ኣማን፡ ኣዳኡ ከኣ ጉዱዩ ዑመር ወረስቲ ምዃናም ደረጋግጸለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ለላ መሓመድ ብርሃን ናስር፡ ተኸሳሲ መሓመድ ጣህር ሳልሕ ዓብደልቃደር፡ ብዓልቲ ቤትካ ኣብ ቤት ፍርዲ ሽረዓ ክሲ ማሰሪታትልካ ስለ ዘሎ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዕካ ን9/4/26 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ወ/ሮ ብሩር ብርሃ ሚኪኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ገብረሂወት በረኸት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/03/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ኣበባ ገብረመድህን ረዳ ምባል ተረፉ፡ ኣበባ ታደሰ ዘሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/03/26 ኣብ ቤ/ፍ ይ7ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ይቕረብ፡፡

ከሰስቲ ወረ/ፍ/ገርሽን ፍስሃ ወራ/ፍ ጥኡ እምባዩ ናትናኤል መልጌታ፡ ተኸሰስቲ ገርሽን ፍስሃ ወራ/ፍ ጥኡ እምባዩ ወረ/ፍ ዝቱን ገርሽን ወረ/ሰወእ መሉጌታ ገርሽን 1. ጸጋይ ገርሽን ፍስሃ 2.1 የናታን በየን 2.2 ቤተኤል በየን 2.3 ማሶፍን በየን 2.4 ጊደወን በየን 3. ይፍታህ ገርሽን 4. ሰምሰም ገርሽን 5.1 ሄርሜላ መሉጌታ 5.2 ሚርያም መሉጌታ፣ ናይ ምቅሊት ወርሲ ክሲ ማስሪየም ስለ ዘለው፡ ተኸሰስቲ ቁ/1, 2.1 ፣2.2 2.3 2.4 5.2 ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/02/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ኣሚናዳብ የናስ ጊላይ ምባል ተረፉ፡ ኣሚናዳብ የናስ ጊላጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/03/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሚካል ኢልያስ ግርማጼዮን፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ መሉጌታ ነጋሽ ተወልደብርሃን ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ደረጋግጸለም ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ሲሞና ሃይለ ሰለሙን ምባል ተረፉ፡ ኮኾብ ሃይለ ሰለሙን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ወ/ሮ ኣልጋሽ ተሰፋይ ጊላዝጊ፡ ኣቦይ ተሰፋይ ጊላዝጊ ጀንጀር ስለዝዓረፈ፡ ነይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ከኣ ወረስቲ ምዃና ደረጋግጸልና ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

1. ኣልጋሽ ተወልደብርሃን 2. ሓረጉ ተወልደብርሃን፣ ወኪል እስቲፋኖስ ተሰፋሚካኤል፡ ካብ ኣቦና ነፍ/ሄር ተወልደብርሃን ዑቕበ ዘወልዲ ብዕለት 23/01/2006 ዝተዋህበና ሰነድ ገዛ ኣብ መንደፈራ ዝርከብ ክልተ ክፍሊ ገዛ ዓዲ ምድሪ ዘለዋ ኣብ ቤት ፍርዲ ክጸድቀልና ስለ ዝበልና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 8/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ዲያና ግርማይ ወልድኣብዝጊ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ነጋሲ ተኽለጻዮን፡ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/03/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሃነስ ወልደዝጊኤል ተኽሉ ወደይ ምሳየና ሃነስ ወልደሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ንሕና ወለዱ ምስ ኣዳኡ ልቺያ ገብረገርግሽን ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 10/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ኣለም ኣስፍሃ በልዩ፡ ብዓል ቤተይ ብእምነት ዳኒኤል ስለዝተሰወኡ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ደረጋግጸለም ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 26/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ተኽኣ ክፍለማርያም ተኽለይ፡ ብዓል ቤተይ ፍትዊ ዘርእሰናይ ዑቕባሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ደረጋግጸለም ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 26/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ፍርቱና ተኽለ ጠዓመ፡ ኣደይ በሪክ ብርሃ በየነ ስለዝዓረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረታ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 17/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጆን ተሰፋይ በርሀ ምባል ተረፉ፡ የውሃንስ ተሰፋይ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 26/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰዓሕ መሕመድ ዒሊ ምባል ተረፉ፡ ሰዓሕ ዒሊ ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 17/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ርግኣት ምሳየና በርሀ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣፍወርቂ ዘውደ ተመልሱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/03/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ከሳሲት ሄለን ሰመረ ወልደሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ምሉእብርሃን ተኽለሚካኤል ባህታ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን05/03/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሰናይት ፍስሃ ኣለዩ፡ ተኸሳሲ ተኽለ ተሰፋስላሴ ተሰፋሚካኤል፡ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/03/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ሉታይ የማነ ተሰፋገርግሽ ምባል ተረፉ፡ ሰናይት የማነ ተሰፋገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ወ/ሮ ግደይ ብርሃ ወልዳይ፡ ብዓል ቤተይ ጉዕሽ ክፍላይ ኣስበሀይ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ደረጋግጸለም ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 10/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

የርዳኖስ ጸገ ምባል ተረፉ፡ ሄለን ጸገ ገብርሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ወ/ሮ ገብረኤል ዞርያስ መብራህቱ፡ ስም ኣደይ ኣዜብ ተፈሪ ወልደገርግሽ ምባል ተረፉ፡ ጸሃይቱ ሃብተ ሚካኤል ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡11/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሰናይ ጸጋይ ኣበራ ምባል ተረፉ፡ ሰናይት ጸጋይ ኣበራ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡10/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ናዝሬት መብራህቱ፡ የውሃንስ ምባል ተረፉ፡ ኑር መብራህቱ፡ የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን9/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለተኪዳን ኣልኣዛር ተሰፋጊዮርጊስ፡ ስም ኣደይ ወልደትንሳኤ ገብረእግዚኣብሄር መብራህቱ፡ ምባል ተረፉ፡ ለተንሳኤ ገብረእግዚኣብሄር ተሰፋገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን11/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳምኤል ጸሃየ ፍስሃየ ምባል ተረፉ፡ ሳምኤል ጸሃየ ኣስፍሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን05/03/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣነ ኣቶ ሚካኤል ኤፍረም ተወልደ፡ ናይ ኣሞና ነ/ሄር ምላሹ ተወልደ፡ ንወለድና ተኪእና 16 ደቂ ኣሕዋታ ወረስታ ኰይንና ዝኾንና ከ/ፍ/ኣኸሾውል መ/ቁ 19/21 ብዕለት 25/08/2021 ከም ዘረጋገጸልና ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ነዚ ብስማ ዝተመዝገበ ቀዋሚ ንብረት ገዛ ኣብ ሰምበል ጉዳም ፕሎት 1DዚፕI ኮድ 1A835 ዝርከብ፡ ዋንኡ ብስም ነ/ሄርት ምላሹ ተወልደ ገብረማርያም ዝተመዝገበ ናብ ወረስቲ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታርን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን የቕርብ፡፡

ሚካኤል ኤፍረም ተወልደ

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ከተማ ከረን 05 (መጋርሕ) ዚፕ ኮድ 6K-1378፤ ፕሎት 122 ብመለለዪ ቁ.ንብረት 6BRKRN001022/0 ዝተመዝገበ፡ ካብቲ ዘሎ ስፍሓት ተመቒሉ ስፍሓቱ 120.79 ት/ሜ ዝኾነ፡ ኣብ ልዕሊኡ 2 ክፍሊ ገዛ ዘለዎ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብስም 1. ኣቶ ንጉሰ ተሰፋልደት ሰዓረ፡ 2. ወ/ሮ መድህን ዘርእማርያም ዝተመዝገበ ብህያብ ዝበጽሓኒ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ከረን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር፡፡

መም/ሳምራዊት ቀለተ ነጋሲ

---

ተማሰገን ሆቴል ሓ.ዝ.ቢ.ማ ብዕለት 17/07/2023 ኣብ ዝበጽሐ ኣኼብ፡ ናይ ነፍስሄር ወ/ሮ ትዕበ ተድላ ካሕሱን

ወ/ሮ ሙሉኻሽ መሓመድኑር የዕበዮን ዝበረን ነፍሲ ወከፍ 60 ብጠቕላላ 120 ብርኪታት ናብ ወረስተን፦

1. ኣዜብ መሓመድኑር የዕበዮ 30 ብርኪ
2. ሰሚራ መሓመድኑር የዕበዮ 30 ብርኪ
3. ፋሲል መሓመድኑር የዕበዮ 30 ብርኪ
4. ለላ ሃይለ ደብሩ 30 ብርኪ

ተማሰገን ሆቴል ሓ.ዝ.ቢ.ማ

---

ብስም ሃብተማርያም ገብረመስቀል ዘርኡ፡ ኣብ ዓዲ/ከበቢ ዳዕሮ ጳውሎስ ብመወከሲ ቑጽሪ 000221 ቑጽሪ ምስክር ወረቐት 000065 ፕሎት 35 ፓርሰል C ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደልክዎ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 07207842 ክሕብረኒ፡፡ እንተዘይተረኺቡ ግን መተካእታኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ሃብተማርያም ገብረመስቀል ዘርኡ

---

ብስም መድሃኔ ብርሃ ኢሳቕ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00039532 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና ኣሊተና መረብ ቁ.ገዛ ዝርከብ ናይ መኩፋፈሊ ናይ መሸጣ ትግን ባዛርያን ናይ መካይን ትካለይ ንኣቶ ሰመረ ጸጋይ ተኽለማርያም፡ ኣድራሻ ን/ዞባ ጎዳይፍ ቀሓውታ ቁ.ገዛ ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 30/12/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰለሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

መድሃኔ ብርሃ ኢሳቕ

---

ብስም ቤት መግቢ ዓንሰባ ትራንስፖርት ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን KEL00007933 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ዝርከብ ናይ ቤት መግቢን መስተን ትካለይ፡ ንኣቶ ኣኽሊሉ የሴፍ ሚካኤል፡ ኣድራሻ ከበቢ 01 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰለሳ መዓልታት፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ኀይትኦም ኢያሱ

# ምልክታ

ፍጹነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**
**Senior Condition Monitoring & Reliability Engineer**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Definite (2 years)**

## Major Duties and responsibilities

- To lead and integrate condition monitoring and reliability functions across site assets, ensuring early fault detection, effective defect elimination, and robust maintenance strategies that maximize asset availability, reduce unplanned downtime, and protect capital investment.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

- Lead and govern the site condition monitoring program for fixed plant and/or HME assets
- Establish and maintain condition monitoring standards, routes, and procedures
- Oversee vibration analysis, oil analysis, thermography, ultrasound, and other PdM techniques
- Validate, prioritise, and interpret condition monitoring findings and defect severity
- Ensure high-quality, actionable reporting aligned with maintenance and shutdown priorities
- Convert condition monitoring findings into maintenance notifications, work orders, and shutdown scopes
- Provide technical authority on condition monitoring methods and diagnostics
- Support commissioning and handover of new equipment from a PdM perspective
- Develop, implement, and govern reliability and maintenance strategies across site assets
- Lead defect elimination processes including RCA, failure investigations, and recurring failure resolution
- Analyse equipment performance data, downtime trends, and lifecycle risks
- Apply reliability methodologies including RCM, FMEA, and lifecycle costing
- Support asset criticality analysis and risk-based maintenance approaches
- Optimize preventive and predictive maintenance strategies within the CMMS (e.g. PRONTO)
- Provide reliability input into shutdown planning, scope prioritisation, and long-term plans

## Profile: Qualifications and Experience

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Bachelor's degree in Mechanical, Electrical, or Reliability Engineering, or trade qualification with extensive reliability experience<br>• Condition Monitoring certification ISO Cat II (minimum), Cat III desirable<br>• Thermography Level 1 or 2 certification |
| Working Experience – Nature & Length | • Minimum 10+ years' experience in mining, mineral processing, power generation, or heavy industry, with demonstrated experience leading condition monitoring and reliability functions in operational environments. |
| Technical Skills | • Reliability engineering principles and methodologies (RCM, FMEA, RCA)<br>• Significant milling experience would be an advantage<br>• Laser alignment experience<br>• Defect elimination process experience<br>• Asset management principles and lifecycle costing<br>• Strong data analysis and reporting capability<br>• Condition monitoring interpretation (vibration, oil analysis, thermography, UT)<br>• CMMS systems experience (PRONTO preferred)<br>• Maintenance strategy development and optimization<br>• Understanding of rotating and static equipment failure modes<br>• Experience in developing availability models |
| Other Skills and Abilities | • Strong problem-solving and analytical skills<br>• Ability to influence and engage cross-functional teams<br>• Clear communicator at operational and leadership levels<br>• Structured, disciplined, and outcomes-focused<br>• Strong safety leadership and risk awareness<br>• Structured, disciplined, and continuous improvement focused<br>• Able to coach & mentor national workforce |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ዘዕበ ሎሚ

## ጽልዋታት ሓድሽ ስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነት ሕ.መ. ኣመሪካ

ዘሚካኤል ገብረክርስቶስ
2ይን መወዳእታን ክፋል

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ ትሕዝቶኡ ብምትንታን "ቀዳምነታት ብመዃር" ዞቢታት ኣብ ትሕቲ ዝብል 5ይ ኣርእስቲ ኣብ ምዕራባዊ ንፍቀ ክቢን ኢንዶፓስፊክን ዘለዎ ጽልዋ ተመልኪትና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፥*

### 5.3 ኤውሮጳ

ኣህጉር ኤውሮጳ ኣብ 1990ታት ዝበራ ጃምላዊ ዘቤታዊ ምህርቲ (GDP) ክሳብ 25% ይሸፍን ነይሩ፥ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ግና ናብ ከባቢ 14% ወሪዱ ይርከብ። ምኽንያት ናይዚ ጸገም'ዚ ብሰንኪ ሃገራት ኤውሮጳ ዝኽተልኦ ዘለዋ ዝተሓላለኸን ዘይንጹርን ሕግታት፡ ጉዳይ ስደት፡ ምንካይ ወሊድ፡ ምጥፋእ መበቆላዊ ባህልን ሃገራዊ መንነትን ቀጠባዊ ድኽመትን ምኳኑ እዩ ዝገልጽ። ስለዚ ኣመሪካ ኤውሮጳውያን መንነቶም፡ ክብሮምን ስልጣኖምን ንክመልሱ (Promoting European Greatness) ኢያ ትደሊ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ኩናት ዩክሬን ንቁጠባ ኤውሮጳ ብፍላይ ድማ ንጀርመን ጎዲኡዎ ይርከብ። በዚ ምኽንያት ኣመሪካ ኩናት ሩሲያን ዩክሬንን ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ንምውዳእ፥ ከምኡ'ውን ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ ናይ ገዛእ-ርእሰን ምክልኻል ሓላፍነት ክወስዳን ቀጻልነት ወተሃደራዊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (NATO) ዘልኣለማዊ ዘይምኳኑ ምንጻርን ምግንዛብን ብመሰረት'ዚ ሓድሽ ስትራተጂ ቀዳምነት ተዋሂቡዎ ክስራሓሉ ተባሂሉ ዘሎ እዩ።

### 5.4 ማእከላይ ምብራቕ

ኣመሪካ ኣብ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ዝበራ ጽልዋ ብሰንኪ ኣቐዲሙ ዝጸንሐ ግዑይ ምሕደራ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ክጎድል ጸኒሑ እዩ። በዚ ሓድሽ ስትራተጂ ቀዳምነታት ኣመሪካ ኣብዚ ዞባ፥ ኣገዳሲ ዝኾኑ ረቡሓታታ ንምምላስ ብቀዳምነት ቀይሕ ባሕሪ ብዘይ ዝኾነ ስግኣታት ንመጓዓዝያ ውሑስነቱ ምርግጋጽ፣ ኣብ ወሽመጥ ሆርሙዝ (Strait of Hormuz) ውሑስነት ክፉትን ንግዲ ንክህሉ ምሕላው፣ ድሕነትን ውሑስነትን እስራኤል ምርግጋጽን ስምምዕ ኣብራሃም (Abraham Accords) ምርግጋጽን ምፍራምን፣ ኑተን ኣብዚ ዞባ ዝርከብ ሃገራት ኣብ ባህላዊ ክብርታተንን ውሽጣዊ ጉዳያተንን ጸቕጢ ከይገበርካ ምስ መራሕተን ብምትሕብባርን ምሽራኽን ምስራሕ ዝብሉ እዮም። ኣንጻር ሃገራዊ ረቡሓታት ኣመሪካ ንዝሰርሑ ተጻረርቲ ሓይልታት፡ ኣብ'ዚ ዞባ ኣብ ውሽጡ ዝርከብ ጸጋታት ኑዳድን ንኸይቆጻጸሩ ብምኽልኻል፥ ኑዮም ኣብቲ ከባቢ ክኣዩ ዝጸንሑ ቀጻሊ ግጭታት ከም ዝእለዩ ምግባር እዩ።

### 5.5 ኣፍሪቃ

ኣብ'ዚ ኣህጉር ንዌሕ እዋን ናይ ኣመሪካ ፖሊሲ ኣብ ለበራላዊ ስነ-ሓሳብ (liberal ideology) ዝተመርኮሰ ኮይኑ እዩ ጸኒሑ። እዚ ሕጂ ወጺኡ ዘሎ ሓድሽ ናይ ሃገራዊ ድሕነት ስትራተጂ ግን፡ ኣመሪካ ካብቲ ናይ ረድኤት ኣተሓሳስባ (Aid Ideology) ናብ ወፍሪ (investment) ማእከል ዝገበረ ፖሊሲ ክትሰጋገር ምኳና እዩ ሰፊሩ ዘሎ። ብሓፈሻ ቀንዲ መደብ ኣመሪካ ኣብ ኣፍሪቃ ተወሲዑ ኣብ ዘሎ ግጭታትን ኩናትን ናይ ምሽምጋልን ምትዕራቕን ግደ ምጽዋት፡ ከም ኣብነት (ኣብ መንጎ ኮንጎን ሩዋንዳን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ሱዳን ተፈጢሩ ዝርከብ ሽግር)፣ ኣብ መንጎ ሃገራት ኩናት ንከይወላዕ ምውጋድ (Avoiding war) ከም ኣብነት ኣብ መንጎ ኢትዮጵያ-ኤርትራ-ሶማልያ፣ ኣብ ጽላታት ጸዓት (ኑዩዩ፥ ጋዝን ኒዩክለርን) ከምኡ'ውን ኣብ ኣገደስቲ ማዕድናት (Critical Minerals) ቁጠባዊ ወፍሪ ምክያድ፣ ኣንጻር ግብረ-ሽበራዊ ንጥፈታት ምጥንቃቕን ምቅላስን ብዝም ደሞክራሲ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ጣልቃ ዘይምእታው ዝብሉ እዮም።

### 6. ሓፈሻዊ ጽልዋታትን ትዕዝብትን

ሓድሽ ስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ ናብዮም ኣገደስቲ ዝበሎም ጃኦግራፊያዊ ከባቢታት ከም ምዕራባዊ ንፍቀ ክቢ (Western Hemisphere) ዘድሃበ ምኳኑ፥ ናብ ኣፍሪቃ ኣዝዩ ውሑድ ጠመተ ዝበረ ምኳኑ ንጹር እዩ። ኣብቶም ብቕዲ ኣህጉራዊ ለበራላዊ ፖሊሲ (Liberal Internationalist) ክምርሑ ዝጸንሑ፥ ናይ ወጻኢ ፖሊሲታት ኣመሪካ መሰረታዊ ለውጥታት ብምግባር፥ ንመምርሒ ተዓጻጻፊ ክዉንነት (Flexible Realism)ን ምኽባር ግዝኣታዊ ሓድነትን (Territorial integrity)ን ቀዳምነት ዝሃበን ድማ ይመስል። እዚ ኑቲ ልሙድ ኣካይዳ ኮይኑ ዝጸንሐ ክቕይሮ ዝኽእል እኳ እንተኾነ፥ እቲ ቀንዕ ገምጋም ግና ድሕሪ'ቲ ኣብ ባይታ ዝህልዎ ጽልዋ ዝርአ እዩ።

ካልእ ፍሉይነት ናይዚ ስትራተጂ'ዚ፥ ኑቲ ኣመሪካ ምስ ኤውሮጳ ጥራይ ሓጺራቶ ዝጸንሐት መትከላዊ ምሕዝነት ዝቐየረ፥ ብኣንጻሩ ምስ ሪኢይን ዕላማን ክረምሊን ዝሰማማዕ ምኳኑ እዩ ዝገልጽ። ምኽንያቱ፥ ኑቲ ኣመሪካ ካብ 1945 ጀሚራ ንሓይሊ ምክልኻል መሻርኽታ ዝኾና ሃገራት ኤውሮጳ ግዜፍ ባጀት ብምድጓም፥ ከም ኣውሓሲትን ሓላዊትን ስግኣታት ሩሲያ ኮይና ክትክተሎ ዝጸንሐት ጽኑዕ ስትራተጂ ኣንፈቱ ዝቐየረ እዩ። ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብዚ ሓድሽ መቓን፥ ኣመሪካ ተሰኪምዋ ጾር ዓለምና ኮይና ትቕጽሎ እዋን ከም ዝበቅዐ፥ ሃገራት ኤውሮጳ ናይ ገዛእ ርእሰን ምክልኻል ክምስርታ እዩ ዝጸውዕ ዘሎ። ብዘወሳኺ፥ ኩናት ሩሲያን ዩክሬንን ንክውዳእ'ውን ብዘለዓለ ይሰርሕ ኣሎ። ብኣንጻር'ዚ ስትራተጂ'ዚ ግን፥ ሃገራት ኤውሮጳ ዛጊት ንሩሲያ ንምድኻም ዝዖለመ ፖሊሲታት ሒዘን እየን ዝቕጽላ ዘለዋ። ትራምፕ ዝኽተሎ ዘሎ ስትራተጂ ንሃገራት ኤውሮጳ ውሕስነትን ድሕነትን ብዘይምሃቡ ድማ ምስ ሩሲያ ናብ ወተሃደራዊ ረጽሚ ክኣትዋ ከም ዝኽእላ ወተሃደራውያን ተንተንቲ ይእምቱ። ብሰንኩ ድማ ኑቲ ኣመሪካ ንዌሕ ዓመታት ክትክተሎ ዝጸንሐት ኣሰላልፋ ከም ዝቕይሮን ንዓለምና ናብ ካልእ ሓድሽ ሚዛናዊ ቅርጺን ፖለቲካዊ ምስጥጋርን ክመርሓ ከምዝኽእልን ይትንትኑ።



© Jean Pierre Nguyen Van Hai Barbier/ABACA/picture alliance

እዚ ወጥን ዋላ'ኳ ንኣፍሪቃ ኣብ መወዳእታ ብምስራዕ ውሑድ ሽፋን እንተሃበ፥ ዘይ ከምቶም ዝሓለፉ ወጥናት ግና ኑዮም መሰረታዊ ጸገማት ኣፍሪቃ ኮይኖም ዝጸንሑ ኣብ ረድኤትን ትኳቦን ዘድሃቡ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ኣመሪካ ብምርሕራሕ፥ ናብ ሓድሽ ናይ ወፍርን ንግድን ፖሊሲ ምቕማጡ ከም ሓደ እወታዊ መቐየሮ ክረአ ዝኽእል እዩ። ከም ዝፍለጥ እዚ ሕጂ ትራምፕ ዝኽተሎ ስትራተጂ፥ ዕላማኡ ንኣመሪካ ናብቲ ናይ ቀደም ሓይላ ዳግም ንምምላስ (MAGA) እዩ። ዝ. ክዉን ንምግባር ድማ ካብ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣገደስትን ክቡራትን ማዕድናት ንምርካብ ዝዓለመ ኣካይዳ ምኳኑ ርዱእ እዩ። ብዘወሳኺ፥ እዚ ሓድሽ ወጥን ዘይ ከምቶም ዝሓለፉ ፖሊሲታት ኣመሪካ፥ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሃገራት ብምእታው ደሞክራሲን ሰብኣዊ መሰላትን ጣልቃ ከም ዘይኣቱን ናይ ካልኦት ሃገራት ባህላዊ ክብርታት ከም ዘዕቅብን እዩ ኣጺሩ ዘሎ። ሃገራት ኣፍሪቃ ውሽጣዊ ሓድነተን ብምሕያል፥ ካብዚ ትራምፕ ዝኽተሎ ዘሎ ሓድሽ ወጥን ተረባሕቲ ክኾና ከምዝኽእላ ድማ ይገልጽ።

እዚ ሓድሽ ወጥን፥ ሃገራት ኣፍሪቃ ምስ ቻይናን ሩስያን ዝለወን ቁጠባዊ፥ ወተሃደራዊ፥ ጸጥታዊን ፖለቲካዊን ዝምድናታት ብምብታኽ፥ ኣመሪካ ኣብዘን ሃገራት ረቡሓታታ ንምዕባይ ዓሊማ ከም እትሰርሕ እዩ ዘጸረ። ስለዚ ሃገራት ኣፍሪቃ ንኹሉ ዘሎ ምዕባለታትን ኣዝዩ ተቐያያሪ ኣካይዳ ምምሕዳር ትራምፕን ብምጽናዕን ብምምርማርን ካብዚ ሓድሽ ንድፌ ተረባሕቲ ክኾና ከምዝኽእላ፣ ከም ወጽኢቱ ድማ ካብ ተጻጋዕትኑትን ምጽወታን ብምንጋፍ ናይ ገዛእ-ርእሰን ዓቕምታት ክዕብያ ከምዝኽእላ ይእመን። ዝ. ሃገራት'ዚ ንምምዝማዝ ከኣ፥ ምስ ረቡሓታተን ዝቃዶ መርሓ ጎደና ብምኽላስ፥ ካብቲ ምምሕዳር ትራምፕ ወጢንዎ ዘሎ ፖለሲታት ክረብሓሉን ክዕወታሉን ተኽእሎ ክህሉ ይኽእል።

ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዓቢ ጂኦ-ስትራተጂያዊ ኣገዳስነት ስለዘለዎ፤ ኤርትራ ርኑእ ዞባ ንክህሉ ቀዳምነት ሂባ ካብ እትሰርሓሉ ከበቢ እዩ። እዚ ዞባ ንሓያሎ ዓመታት ብምትእትታው ዓበይቲ ሃገራት፥ ኣብ ቀጻሊ ኩናትን ዕግርግርን ተጸሚዱ ጸኒሑን ኣሎ። ብሰንኪ'ዚ ድማ ሃገራት ናይዚ ዞባ ኑቲ ዘሎ ዕቑር ሃብቲ ኣብ ረብሓ ህዝበታተን ከውዕልኦ ከምዝይከኣላ እዮም ምስዚ ዞባ ቅርበት ዘለዎም ተንተንቲ ዝሕብሩ። እዞም ናይ ግዳም ሓይልታት ኣብዚ ዞባ መጋበርያን ኣሳሰይትን ዝኾኑዎም ስርዓታት ስለ ዘይሰኣኑ፥ ንኤርትራ ዓቢ ብድሆ ኮይኑዋ ጸኒሑን ኣሎ። ብሓፈሻ ግና ብሰንኪ ኣብዚ ዞባን ዓለምናን ዝኸሰት ዘሎ ዘይንቡር ለውጥታትን ክትግምቶ ዘጸገም ኣካይዳ ትራምፕን፥ ቀንዕ ንባብ ንምሃብ ኣሸጋሪ እዩ። ኣብዚ ሓድሽ ስትራተጂ፥ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ምውጋድ ግጭታት፣ ምውሓስ ሰላምን ርግኣትን፣ ወፍርን ልምዓትን ከም ዘተኮር ምእንፋቱ ግና፥ ኣብዚ ዞባ ዘጸንሐ ኣጠማምታ ኣመሪካ ይቕየር ምህላዉ ዝእምት እዩ።

ሃገርና ኤርትራ'ኸ፥ እዚ ዓይነት ሓድሽ ስትራተጂ እንታይ ዓይነት ዕድል ክፈጥረላ ይኽእል፧ ምግላጹ ኣገዳሲ ይኸውን። ኤርትራ፥ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ እታ እኽሎ ወሽጣዊ ሰላምን ጸጥታን ብምልኣት ኣውሒሳ ትኸይድ ዘላ ሃገር ክሳብ ዝኾነት፥ ኣመሪካ ምስ መትከላትን መርገጺታትን ኤርትራ ብዘሰማምዕ መንገዲ፥ ኣብ ሓባራዊ ረቡሓታት ዝተሞርከሰ ዝምድናታትን ምትሕግጋዝን ክትማስርት ዘተባብዕ እዩ። በዚ መገዲ'ዚ ድማ ርጉእ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብምፍጣር ረቡሓታታ ከተውሕስ ትኽእል።

ሓድሽ ስትራተጂ ኣመሪካ ኣብ ብዙሕ መዳዩ ምስቲ መንግስቲ ኤርትራ ክኽተሎ ዝጸንሐ ፖሊሲ ርእሱምርኮሳ ዝመሳሰል እዩ። ከመይሲ ብቀንዱ ንልምዓትን ውሕስነት ሰላምን ቀዳምነት ዝሃበ ይመስል። ኣብ ሓያሎ መዳያት ከኣ ምስ መትከልን እምነትን ኣብ ናጻ ሕርያ ዝኣምን ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ ምምስሳል ኣለዎ። ኤርትራ ኣብ ፖሊሲ ርእሱ-ምርኮሳ ብምእማን፤ ገና ብኢጋኡ እንክሎ ንምጽወታን ረድኤትን ዝጸየኑ ሃገር እያ። ኑቲ ብስም ሓገዝን ረድኤትን ዝግበር ጣልቃ ምትእትታውን ዝርጋንን፥ ቅድሚ ዝኾነት ሃገር ዝቐሓትሉን ዝመከተቶን ሃገር እያ። ብተመሳሳሊ እዚ ሓድሽ ስትራተጂ ኣመሪካ፥ ኣብ ባህላዊ ክብርታት ሃገራት ብስም ደሞክራሲ ጣልቃ ከም ዘይኣቱ ምግላጹን ረድኤት (USAID) ብምኽልካሉን ምስቲ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሃገራት ጣልቃ ምትእትታው ብትሪ ዝኾነንን መትከልን እምነትን መንግስቲ ኤርትራ ክቃዶ ዝኽእል ፖሊሲ እዩ። እዚ ሓድሽ ስትራተጂ ዘይ ከምቶም ዝሓለፉ ወጥናት ንኤርትራ ዞገለለ ብዘይ ምኳኑ፥ ኣመሪካ ምስ ኤርትራ ናብ ሓድሽ ጸምዶ ክትሰጋገር ዕድል ክኸፍት ዝኽእል እዩ። ስለዚ ድማ ከምቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝበሎ፥ ብዙሕ ዘሀውኽን ዘረብጽን ምኽንያት እኳ እንተዘየለ፥ ምስ ኣመሪካ ጸምዶ ንምምስራት ዝግበር ጻዕሪ ክድፍኣሉ ዘለዎ እዩ።

### 7. መደምደምታ

ብሓፈሻ እዚ ሓድሽ ስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ፥ ዝሓለፉ ስትራተጂታት ብደረጃ ዓለም ኣዝዮም ዝተጋጽዩን ኣንፈቶም ስሒቶም ዝጸንሑን ምኳኖም እዩ ዝኣምን። ከም ወጽኢቱ ድማ፥ ኣመሪካ ኣብ ክንዲ ሓያል ትኸውን፥ ካልኦት ኣንጻር ኣመሪካ ዝኾና ሃገራት ጸብለልታን ሓይልን ከምዝህልወን ምግባሩ ይወቅስ። እዚ ሓድሽ ስትራተጂ፥ ንዓለምና ብዞባታት ከፋፊሉ፥ ናብዮም ቀዳምነታት ኣመሪካ ዝኾኑ ውሑዳትን ወሰንትን ረቡሓታት ብምትኳር፥ ዝሓለፉ ምምሕዳራት ኣመሪካ ክኽተሉዎ ንዝጸንሑ ፖለሲታት ንምእራም ከም ዝንቀደ እዩ ዝኣውጅ ዘሎ።

ይኹን'ምበር፥ እዚ ስትራተጂ'ዚ፥ ዋላ'ኳ ካብቶም ዝሓለፉ ስትራተጂታት ዝተፈለየ ቅዲ ዝኽተል እንተመሰለ፤ ኣብ ግብሪ ግና ኣብ ክንዲ ሓባራዊ ረቡሓታት ዘውሕስ ከም እንደገና ንዓለማዊ ዕብለላ፥ ራኢይን ሳዕለዋይ ኢደን ኣመሪካ ብዝተረረ መልክዑ እዩ ዘንጸብርቕ ዘሎ። ኣብዚ ሓድሽ ስትራተጂ ዋላ'ኳ ኣመሪካ ግጭታት ንምውጋድን ሰላም ንምስፋንን፥ ኣብ ንግዲን ወፍርን ልምዓትን ካልኦት ጽላታትን ንምሽራኽ፥ ቀዳምነት ሂባ ከም እትሰርሓሉ እንተገለጸት፥ ሓቀኛ ዕላማ ናይዚ ስድ'ዚ ግና ጽልዋን ልዕልናን ኣመሪካ ብደረጃ ዓለም ንምሕያል፥ ጸጋታት ብፍላይ ድማ ሳሕቲ ዝርከቡ ኣዝዮም ክቡራት ማዕድናት ንምምዝማዝን ምግባርን፥ ሓያስቲ ዕዳጋታት ንምርካብን ምኳኑ እዮም ክኢላታት ዝትንትኑ።

እዚ ስድ'ዚ ካልእ ፍሉይ ዝኾነ፥ ኑተን መሻርኽቲ ኣመሪካ ኮይነን ክሰርሓ ዝጸንሓ ሃገራት ናይ ባዕለን ምክልኻል ንክህንጻ ጾር ዘሰክም ምኳኑ እዩ። እዚ ድማ፥ ኑቲ ብሰንኪ ዩክሬን ኣብ መንጎ ሃገራት ኤውሮጳን ሩስያን ተፈጢሩ ዘጸንሐ ምትፍናን ናብ ዝኣሰ ኩነታት ከይወስዶ ስግኣት ኣሎ። ናይ መወዳእታ ዕላማ ናይዚ ስድ፥ ኑታ ብሾሉ መዳያት ንኣመሪካ ክትወዳደርን ክትስዕርን ትፍትን ዘላ ቻይና፥ ምድራትን ምውዳቓን ምኳኑ ንጹር እዩ። ኣብዚ ክሱላት ዘይብሉ፥ እዚ ሓድሽ ወጥን ኣመሪካ ካብቲ ንዌሕ ዓመታት ክትክተሎ ዝጸንሐት መትከልን ፖሊስን ኣብዮም መሰረታውያን ኣካይዳታት ምቕይያራት ብምህላው፥ ሃገራት ኣፍሪቃ ብዘይጻእ ክጥቀማሉ እንተኽኣለን ጉልቡብ ምርጃ ከይዳካ ኣይተርፍን። ግብራዊ ኣንፈት ናይዚ ሓድሽ ስትራተጂ ምስቲ ፕረዚደንት ትራምፕ ዝኽተሎ ዘሎ ኣካይዳ ክትግምቶ ኣጸጋሚ'ኳ እንተኾነ፥ ኑቲ ዝጸንሐ ኣሰላልፋ ስርዓታት ዓለምና ናብ ካልእ ሓድሽ ስርዓትን ኣንፈትን ዝልወጥ ምኳኑ ግን ንምርድኡ ኣየጸግምን።

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

ጻውሎስ፡ ኣብ ሓደ ትካል ዘውንኖ ብርኪ ነበሮ። ነቲ ዝነበሮ ብርኪ ሸይጡ ከኣ ኣብ ካልእ ትካል ብርኪ ክገዝእ ሓሰበ። እንተኾነ ኣየተግበሮን። ከምቲ ዝሓሰቦ እንተ ዝገብር ነይሩ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ መኽሰቡ ናይ 12 ሚእታዊት ዕቤት ምረኸበ ነይሩ። ጀማል'ውን ብተመሳሳሊ ኣብ ሓደ ትካል ብዓል ብርኪ እዩ። ዘይከም ጻውሎስ፡ ናይ ምሻጥ ሓሳብ ምስ መጽኦ፡ ነግ ፈረግ ከይበለ፡ ኣብቲ ትካል ዝነበሮ ብርኪ ሸይጡ ኣብ ካልእ ትካል ብርኪ ገዝአ። ኣብቲ ዝነብሮ ትካል እንተ ዝጸንሕ ነይሩ ግን ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ መኽሰቡ ናይ 12 ሚእታዊ ዕቤት ምረኸበ። ካብዞም ክልተ ሰብ ብርኪ፡ መን ዝያዳ ብውሳነኡ ዝጠዓሰ ይመስለኩም፧

ኣብ ሓደ መጽናዕቲ፡ ንተሳተፍቲ እዘን ክልተ ዛንታታት ተነግራኦም። ካብቶም ኣብቲ መጽናዕቲ ዝተሳተፉ 8 ሚእታዊት ጻውሎስ ዝያዳ ዝተጣዕሰ ኮይኑ ክስምዖም እንከሎ፡ እቶም 92 ሚእታዊት ግን ጀማል ዝያዳ ዝጠዓሰ ኮይኑ ከም ዝስምዖም ገሊጾም። እቲ ጽልዋ ወይ ክሳራ ሓደ ከነሱ፡ ንምንታይ ጀማል ዝያዳ ዝጠዓሰ ኮይኑ ተሰሚዑዎም፧

## ጣዕሳ

### ናብ ሕሉፍ እንተ ንምለስ እንታይ ምቐየርና፧



### ጣዕሳ እንታይ እዩ፧

ጣዕሳ፡ ኣብ ሕሉፍ ዝፈጸመናዮ ተግባር ወይ ውሳነ ጌጋ ኮይኑ ክስምዓና ከሎ እዩ። ዝበዝሐ ግዜ፡ ጣዕሳ፡ ኣብ ዝወሰናዮ፡ ዝገበርናዮ ወይ ዘጋጠመ ነገር እዩ ዝኸሰት። ክንገብሮ ዝነበረና እሞ ዘየተግበርናዮ ጉዳይ፡ ክንድ'ቲ ዝተፈጸመ ጉዳይ ዘጣዕስ ኮይኑ ኣይስምዓናን። በዚ ምኽንያት ከኣ'ዩ ካብ ጻውሎስ ንላዕሊ ጀማል ብውሳነኡ ዝጠዓሰ ኮይኑ ዝተሰምዖም። ዘጣዕስ ነገር፡ ምስ ግዜን ኵነታት ይቀያየር እዩ። እቲ ንነዊሕ ግዜ ዝኸይድን ምስ ኵነታት እናበኣሰ ዝኸይድን ዓይነት ጣዕሳ፡ ብልምዲ "ዘይወጽእ ጣዕሳ" ኢልና ክንገልጾ ንሰማዕ። ንሕና ዘጣዕስ ኢልና እንሓስቦ ጉዳይ፡ ካልእ ሰብ ዘይክሰማማዓሉ ይኽእል። ብሓፈሻኡ ክልተ ዓይነት ጣዕሳ ክስምዓና ይኽእል፣ ውልቃውን ማሕበራውን። እቲ ውልቃዊ ዝብሃል ኣብ ውልቃዊ ተግባር ወይ ውሳነታት ዝተሓጸረ ኮይኑ፡ ማሕበራዊ ጣዕሳ ከኣ ካልኦት ኣባና ዘሎዎም ኣተሓሳስባን ክብርን ብኣሉታ ዝጸሉ ተግባራት የጠቓልል። ክልተኡ ዓይነት ጣዕሳ፡ 'ንሕሉፍ ተመሊስና ካልእ ውሳነ ክንውስን እንተ ንኽእል' ብዝብል ልዑል ባህጊ ዘሰነየ፡ ብጸቕጥን ነብሰ ተግሳጽን ዝተመልአ ልዑል ስምዒታት ዝካተተ እዩ። ጣዕሳ፡ ንኹሉ ሰብ ከጓንፎ ዝኽእል ንቡር ስምዒት እዩ። ብግቡእ ምስ ዘይምሓደር ግን ኣብ ጥዕና ኣእምሮ ሃሰያ ከድህብ ይኽእል። ጣዕሳ፡ ኣብ ሕሉፍ ጌጋና ጥራይ ከም እነድህብ ስለ ዝገብር ኣብ ነብሰ ክብሪ፡ መንነትን ዝምድናን ኣሉታዊ ጽልዋ ክህሉዎ ይኽእል።

እዚ ንቡር ስምዒት እንብሎ ዘለና ናብ ዘይንቡር ደረጃኡ ንኸይዓርግ እንታይ ክንገብር ይከኣል፧

ጣዕሳና ኣእምሮኣዊ ሃሰያ ከየስዕበልና፡ ብዛዕባ ዘጣዕሰና ዘሎ ጉዳይ ሒዝናዮ እንርከብ መረዳእታ ምኽላስ የድሊ። ሓንጐል፡ ዝሃንጾ ዝኽረት ቀዋሚ ኣይኮነን። ኣብ ዝተፈላለየ እዋን፡ ንዘጋጥመና ኩነታት ብእንህቦ ትርጉም ዝኽረትና ክቀያየር ይኽእል እዩ። ሓንጐልና ንዘሎዎ ናይ ዝኽረት ሓበሬታ ተመርኩሱ ግምታት እዩ ዝህበና። ንኣብነት፡ ኣካላትና ጸዓት ምስ ዘውድእ፡ ሓንጐልና "ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ምስ ጠመኹ እዩ ናይ ድኻም ስምዒት ተሰሚዑኒ፣ ስለዚ ሕጂ'ውን ጠምየ እየ ዝኸውን፡" ኢሉ ናይ ዝሓለፈ ተመኵሮ ብምዛካር ሓደ ግምታዊ ሓሳብ ክህበና ይኽእል። እቲ ሓቂ ግን ኣካላዊ ድኻምና ካብ ጽምኢ ማይ፡ ሕማም፡ ጸቕጢ፡ ... ዝተበገሰ ክኸውን ይኽእል እዩ። ነዚ ብምስትውዓል፡ ናብቲ ዘጣዕሰና ዘሎ ውሳነ ተመሊስና ኣእምሮና ዝህበና ዘሎ ኣሉታዊ መግለጺ ቅኑዕ ምኳኑ ዘይምኳኑን ምርግጋጽን ምኽላስን የድሊ።

ብተወሳኺ፡ ዝሰምዓና ናይ ጣዕሳ ስምዒት ከነለልዮን ክንቅበሎን ይግባእ። ጌጋ ንቡር ምኳኑን እቲ እንኮ ክንገብሮ እንኽእል ከኣ ደጊምና ካብ ምፍጻሙ ክንምሃር ጥራይ ምኳኑ ምእማንን የድሊ። ኣብቲ ኵነታት'ቲ ነቲ ውሳነ ክንውስን ዘገድደና ምኽንያት ከም ዝነበረን ካልእ ሰብ'ውን ተመሳሳሊ ተመኵሮ ከም ዘሎዎን ምስብሃል። ጣዕሳ ብዛዕባ ኣብ ሕሉፍ ዝፈጸምናዮ ጌጋ ማእከል ዝገበረ እዩ። ካብዚ ሕማቕ ስምዒት ክንላቓቕ ምስ እንደሊ፡ ኣብ ክንዲ ትማሊ ዘጓነፈ ጸገም ንሓስብ፡ ብዛዕባ ሎሚ ክንገብሮ እንኽእል ፍታሕ ምሕሳብ ይከኣል። ዋላ ደኣ ናብ ሕሉፍ ተመሊስና ከነዕሪ ኣይንኽኣል፡ ኣብ ሎሚ ኴንና ነገራት ከነመሓይሽ ከም እንኽእል እንተ ኣሚንና ጣዕሳና ክንኪ ይኽእል።

ዕድመ፡ ኣብ ስምዒት ዓቢ ጽልዋ ኣሎዎ፣ ብመንጽር ዕድመና እንታይ ዓይነት ጣዕሳ ይስምዓና ክፈላለ ይኽእል እዩ። ኰተቴን መንእሰያትን ብዝገበሩዎ ዝያዳ ይጠዓሱ። ናብ ሽምግልና ገጽና ከነምርሕ እንከለና ከኣ ካብቲ ዝገበርናዮ ነገር፡ ክንግበሮ ብዝግብኣና ግን ዘይገበርናዮ ነገር ዝያዳ ክንጥዓስ ንኽእል። ናይ ጣዕሳ ስምዒት ብባህርያውን ባህላውን ጽልዋታት ክቃነ ይኽእል እዩ። ዓቃባዊ ባህሪ ዘሎዎም ሰባት፡ ካብ ብማሕበራዊ፡ ብውልቃዊ ጣዕሳ ዝያዳ ይሳቐዩ። ሕዉስ ባህሪ ዘሎዎም ሰባት ከኣ ዝያዳ ማሕበራዊ ጣዕሳ ከነጸባርቑ ይርኣዩ። ክልተኡ ዓይነት ጣዕሳ ኣብ ኩሉ ሰብ ይርአ እዩ፣ ባህርናን ልምድናን ግን ናብ ሓደኡ ዓይነት ከም እንዛዙ ይገብር። ጾታ፡ ኣብ ዓይነት ይኹን መጠን ጣዕሳ ምሉእ ብምሉእ ጽልዋ ኣሎዎ'ኳ እንተ ዘይተባህለ፡ ሕብረተሰብ ጾታ ብምርኩስ ገይሩ ዝምስርቶ ናይ ጀንደር ፍልልይ ግን ጽልዋ ክህሉዎ ይኽእል። ደቂ ኣንስትዮ ካብ ውልቃዊ ጣዕሳ እቲ ማሕበራዊ ጣዕሳ ዝያዳ የፍርሐን። ደቂ ተባዕትዮ ከኣ ዋላ'ኳ ማሕበራዊ ጣዕሳ ዘስምዖም ይኹን፡ ውልቃዊ ጣዕሳ ዝያዳ ክጸልዎምን ክፈርሑዎን ይርኣዩ።

ጣዕሳ ባህ ዘይብል ስምዒት እኳ እንተኾነ፡ ዘጣዕሰና ጉዳይ ብግቡእ ምስ እነስተንትኖ ዳግማይ ተመሳሳሊ ውሳነ ካብ ምውሳድ ክንቍጠብ ይሕግዘ'ዩ። ኣብ ሕሉፍ ተግባርናን ውሳነናን ዘሎና መረዳእታን ትርጉምን፡ ንናይ ምውሳን ብቕዓትና ብኣሉታ ወይ ብእወታ ክጸሉ ይኽእል። ሰብ ብዘሎዎ ናይ ዝኽረት ትዕድልቲ ካብ ሕሉፍ ተማሂሩ፡ ኣብ ህሉው ክልወጥን ክመሃርን ይኽእል። ኣብ ሕብረተሰብና ጣዕሳ ምልክት ውድቀት ዘይኮነ ምልክት ትምህርትን ልቦናን እዩ። "እንቋዕ ጥራይ ተጣዒሰ በለ እምበር፡ ጌጋ ደኣ መናብርትና እንድዩ፡" "ክምብል በለ'ምበር ኣይተኻዕወን፡" ተባሂሉ፡ ንዝተጣዕሰ ሰብ፡ ብዝገበሮ ሕሉፍ ጌጋታት ከይውቀስ'ውን ይምከር እዩ።

ጣዕሳ፡ ፕራግማዊ ወይ ግብራዊ ኣተሓሳስባ ከነዕቢ ካብ ዝሕግዙ ስምዒታት ሓደ እዩ። ነብስና ክንግምግምን ካብ ሕሉፍ ጌጋና ክንምሃርን ድማ ይሕግዝ። ብተወሳኺ፡ ንለውጢ ድርኺት ብምፍጣር ውልቃዊ ዕቤት ከውሕስ ይኽእል። ጣዕሳና ክንቈጻጸርን ካብ ሕሉፍና ክንምሃር እንኽእል መሰርሕ፡ ልዑል ብቕዓት ምሕደራ ስምዒት ከነማዕብል ይሕግዝ። እዚ ማለት፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ጽኑዓት ክንከውን ይሕግዝ ማለት እዩ። ኣብ ሕሉፍ ህይወቶም ዘጣዕስ ነገር ፈጺ.ምና ኢሎም ዝሓስቡ ሰባት፡ ነብሶም ጥራይ ዘይኮነ ካልኦት'ውን ተመሳሳሊ ጌጋ ከይፍጽሙ ካብ ምምካር ዓዲ ኣይውዕሉን። ተመኵሮኦም፡ ልቦናን ሰብኣውነትን ከዕቢዩ ስለ ዝሕግዞም ከኣ ምቕሉላት ሰባት ኮይኖም ይጸንሑ። ጣዕሳ ክንድ'ዚ እወታዊ ጽልዋ እንተ ሃልዩዎ፡ ናብ ሕሉፍና ተመሊስና እንታይ ምቐየርና፧

## ናይ መወዳእታ ዕድል!

### ንኸይንጥዓስ ፈሪሕና እንውስኖ ውሳነ ብቑዕ ድዩ፧

ኣብ ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ሕቶ ተሓቲትና ንኽንምልስ ብዙሕ ዕድል ክንጥቀም ከም እንኽእል ምስ እንንገር፡ ንኽንሓስብ ክንደይ ግዜ ምወሰደልና፧ ንኽምልስ ሓደ ዕድል ጥራይ ከም ዘሎና ምስ እንንገርከ፧ "ሓደ ዕድል ጥራይ" ምስ ተባሂልና ዝስምዓና ጸቕጢ ኣይንኽሕዶን ኢና። ኣብ መጻኢ ንኸይንጥዓስ ኢልና እንውስኖ ውሳነ፡ ንህሉው ኣብ ግምት ዘእተወ ብዘይምኳኑ፡ ኣሉታዊ ጽልዋ ኣሎዎ። ይኹን እምበር ንርሑቕ ዝዓለመ ውሳነታት ክንውስን ከኣ ይሕግዝ እዩ።

ኣብ መጻኢ ከይንጥዓስ እንፈርሖ ነገር ከመይ ዝበለ እዩ፧

- ወሳነና ኣብ ህይወትና ኣገዳሲ ጽልዋ ምስ ዝህሉዎ፣

ንኣብነት፥ ንመን ንምርዖ ክንውስን እንከለና ዝስምዓና ፍርሒ። እዚ ዓይነት ፍርሒ ውሳነና ኣብ መጻኢ ጌጋ ከይከውንን ከይንጥዓስን ካብ ምስጋእ ዝብገስ እዩ። ምርጫ ናይ ህይወት መጻምድቲ፡ ሓደ ካብቲ ኣብ ህይወትና እንውስኖ "ሓደ ዕድል ጥራይ" ዘሎዎ ወይ ከምኡ ምኳኑ ስለ ዝንገረና ኣብ ውሳነና ከይንጠዓስ ክንፈርሕ ንቡር ይገብሮ።

- ሕሉፍ ሕማቕ ተመኵሮ ወይ ክሳራ ምስ ዘጓንፈና፣

ብፍላይ ኣብ ሕሉፍ ዘወሰናንዮ ውሳነ፡ ንሕና ክንቈጻጸሮ ብዘይ ንኽእል ምኽንያት ምስ ዝፈሸል ወይ ምስ ዝኾለፍ፡ ደጊምና ተመሳሳሊ ውሳነ ከይንውስን ክንፈርሕ ንኽእል ኢና። ንኣብነት፡ እነፍቅሮ ሰብ ብሓደጋ ወይ ሕማም ምስ እንኸስር ደጊምና ተመሳሳሊ ተመኵሮ ከየጓንፈና ክንፈርሕ ንኽእል።

- ናይ ግዜ ጸቕጢ ምስ ዝህሉ፣

ንኣብነት፥ ኣብ መወዳእታ ሳላሳታት እትርከብ ጓል ኣንስተይቲ፡ ምስ ተፈጥሮኣዊ ናይ ወሊድ ገደብ ዕድመ፡ 'ኣብ መጻኢ ንኸይትጠዓስ' ክትወልድ ከም ዘለዋ ብጸቕጢ ትምከር እያ። ወይ'ውን ኣብ ግዜ ንእስነትና ክንሰርሕ፡ ክንምሃርን ነብስና ከነማዕብልን እንተ ዘይክኢልና ምስ ዓበና ክንጠዓስ ምኳንና ይንገረና እዩ። እዚ ከኣ ዕድላት መምስመጽኡ ግዜ ከይወሰድና ክንጥቀመሎም ይሕግዝ።

- መጻኢ፡ ዘይርጉጽን ካብ ግምትና ወጻኢ ክኸውን ይኽእል ምኳኑ፣

ኣብ መጻኢ ከጓንፍ ዝኽእል ጽቡቕ ነገር ክንቅበሎ ዘጸግም ኣይኮነን። ዘይተጸበናዮ ሕማቕ ነገር ምስ ኣጋጠመ ካብ ምጥዓስ ኢልና እንገብሮ ነገራት ዋላ ድኣ ነቲ ነገር ክቕይር ሓይሊ ኣይሃልዎ፡ ክብደቱ ኣብ ምቕናስ ግን ዓቢ ተራ ክጻወት ይኽእል። ኣብ መጻኢ ከይንጥዓስ ቀዲምና ክንገብሮ ካብ እንኽእል ነገራት፥ ገንዘብ ምውህላ፡ ጥዕናና ምሕላው፡ ዝተፈላለየ ሞያታት ምምሃር፡ ውዕል ድሕነት ምእታው፡ ... ክጥቀስ ይከኣል።

ንኸይንጥዓስ ፈሪሕና እንውስኖ ውሳነ፡ እወታዊ ውጽኢት ክህሉዎ ምስ እንደሊ፣ ቀዳማይ፡ ፍርሕና ወይ ስግኣትና ብግቡእ ምልላይ ከድልየና እዩ። ኣብ መጻኢ ከይንጥዓስ ኢልና ህሉው ኵነታትና ክንጕሲ ስለ ዘይግብኣና፡ ንኹሉ ኵነታት ኣብ ግምት ከነእቱ የድሊ። ካልኣይ፡ ካብ ካልእ ሰብ እንረኽቦ ምኽሪ ብግቡእ ምግምጋም የድልየና። ኣብ ዝበዝሐ ግዜ ዘማኽረና ሰብ ናቱ ጣዕሳ እምበር፡ እቲ ውሳነ ኣብ ህይወትና ክህሉዎ ዝኽእል ጽልዋ ኣብ ግምት ከየእተወ እዩ ዘማኽረና። እዚ ከኣ ብውሳነታትና ክንጠዓስ ዝያዳ ዘቃልዕ ኵነታት እዩ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ጌጋ ክነጕድል እምበር ብፍጹም ከነወግዶ ዘይንኽእል ምኳኑ ምእማንን ዝከኣለና ኣብ ግዜኡ ምግባርን ተምራጺ እዩ። ዝሓየለ ተመኵሮን ትምህርትን ካብ ጌጋን ጣዕሳን ስለ ዝርከብ፡ ካብ ውሳነን ተበግሶን ምውሳድን ኣይንፍራሕ። እቲ ዘይወጽእ ጣዕሳ ኣብ ሕሉፍ ዝፈጸምናዮ ጌጋ ዘይኮነ፡ ኣብ ሕሉፍ ዘባኸናዮ ዕድላት እዩ።

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ኣርሰናል ሕጂኸ ኣብ ሓደጋ ድያ ትርከብ?

ብረቡዕ ምሸት ኣርሰናል ምስ ዎልቭስ 2-ብ2 ዝተመዓራረየቶ ተሰፋ ዘቑርጽ ጸወታ፡ ምስቲ ቅድሚ 18 ዓመት ዘጋጠመ ከኾነት ተመሳሳልነት ዘለዎ መሲሉ ይርከብ።

ኣብ 2008 ንድሕሪት ተመሊስና ታሪኽ ምስ ንዕዘብ፡ ኣርሰን ቨንገር ዝመርሓ ኣርሰናል፡ ድሕሪ 26 ጸወታታት ኣብ ቅድሚት ሰሌዳ ፕሪመር ሊግ ክትስራዕ ከላ፡ 63 ነጥቢ ኣዋህሊላ፡ ንማንዩናይትድ ድማ ብሓሙሽተ ነጥቢ ቀዲማታ ነይራ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ብተመሳሳሊ፡ ኣብ መበል 27 ጸወታኣ ናብ ዌስት ሚድላንድስ ብምኻድ፡ ምስታ ኣሌክስ ማክሊሽ ዝመርሓ በርሚንግሃም ሰቲ ገጢማ።

ኣብቲ ጸወታ፡ መስመርቲ እግሪ ኣጥቃዓይ ኣርሰናል ኤድዋርዶ ኪጋጥም ከሎ፡ እታ ኣብ ሳልሳይ ደቒቕ ተጻዋታያ ማርቲን ተይለር ብቐይሕ ካርድ ዝተባረራን ብ10 ተጻወትቲ ትቕለስ ዝነበረትን በርሚንግሃም ድማ ብመገዲ ጀምስ ማክፋደን ኣብ መበል 28 ደቒቕ ሽቶ ኣመዝጊባ። ወዲ 18 ዓመት ቲዮ ዋልኮት ኣብ መበል 50 ከምኡ'ውን 55 ደቓይቕ ሽቶ ብምምዝጋብ ንኣርሰናል ናይ 2-ብ1 መሪሕነት ኣትሒዙ።

እንተኾነ ኣብ መበል 95 ደቒቕ ጋል ክሊቺ ብዝፈጸሞ በደል፡ በርሚንግሃም ፍጹም ቅላዕ ረኺባ፣ ብመገዲ ማክፋደን ድማ ተመዓራረየት። እዚ ማለት ካብቲ ናይ ትማሊ ረቡዕ ጸወታ ቶም ኤዳዚ ንዎልቭስ ዘመዝገቦ ሽቶ፡ ብሓንቲ ደቒቕ ጥራይ ድሒሩ ዝተመዝገበ ወጽኢት'ዩ።

ድሕሪ'ቲ ዓበለሎ ወዲሉም ክሰዓም ማዕረ ዝተፈላለዩሉ ግጥም፡ ተኸላኻሊ ኣርሰናል ዊልያም ጋላስ ጸወታ ምስ ተዛዘመ ብሕርቃን ኣብ ማእከል ሜዳ ኮፍ ክብል ዝተርኣየሉ እዩ። ኑቲ ፍጻመ ድማ፡ ተንታኒ መደብር ዜና 'ማች ኦፍ ዘ ደይ' - ጆናታን ፒርስ፡ 'ዘየተኣማምን ኩነታት' ክብል ገሊጽዎ።

ብተመሳሳሊ ጋብሪኤል ጀሰስ ንጃርሰን ሞስኬራ ክደፍኦ ምርኣዩ ልሙድ ተርእዮ ተጻወትቲ እኳ እንተኾነ፡ መብዛሕትኦም ተጻወትቲ ኣርሰናል ብተመሳሳሊ፡ ፈሺካ ምስ ተወቕዑት ከንጸርጽሩን ክቦሔጨዉን ዝተረኣየሉ እዩ።

ኣርሰናል ኣብቲ 23 ለካቲት 2008 ዝተፈደት፡ 2-ብ2 ዝተፈላለየትሉ ግጥም፡ ማንዩናይትድ ኣብ ልዕሊ ኒውካስል 5-ብ1 ድሕሪ ምዕዋታ፡ ምስ ኣርሰናል ዝነበራ ፍልልይ ናብ ሰለስተ ነጥቢ ዘውረደቶ ኮይና፡ ሕጂ ድማ ብተመሳሳሊ በዚ ኣርሰናል ኣመዝጊቡዎ ዘሎ ማዕረ ወጽኢት፡ ማንሲቲ ኣብ እተካየዶ ግጥም እንተተዓዊታ፡ ኑቲ ፍልልይ ናብ ክልተ ነጥቢ ጥራይ ከተጽብቦ ዕድል ተኸፊቱላ ኣሎ።






ኣብቲ እዋንቲ ኣርሰናል፡ ኣብ ናይ መወዳእታ ኣርባዕተ ጸወታታታ ዋላ እኳ እንተዓወተት፡ 83 ነጥቢ ብምምዝጋብ፡ ካብታ ሻምፕዮን ዝኾነት ዩናይትድ ብኣርባዕተ ነጥቢ፣ ካብታ ካልኣይቲ ዝወጸት ቸልሲ ድማ ብክልተ ነጥቢ ድሒራ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ ዛዚማ።

ኣብዚ እዋንዚ ኣርሰናል፡ ኣብቲ ኣብዚ ሰሙን እዚ እተካየደ ግጥም ደርቢ ሰሜን ለንደን ምስ ቶተንሃም ድሕሪኡ ድማ ኣብ ሜዳኣ ምስ ቸልሲ እተካየዶ ግጥም፡ ናብ ረቡሓኣ ከተውዕሎ እንተዘይክኢላ ሓደጋ ኪጋጥማ ከምዝኸእል ይግመት። ምኽንያቱ፡ 18 ሚያዝያ ናብ ኢትሓድ ተጓዒዛ ምስ ማንሲቲ ክጥም ስለ ዘጸብያ።

ኣርሰናል ኣብ ዝሓለፈ ሸውዓተ ጸወታታት ክልተ ዓወታት ጥራይ ምምዝጋቡ ናይ 2008 ታሪኽ ከይትደግሞ ስግኣት ኣሎ።

በዚ ኾይኑ ቡቲ ሕጂ'ውን እቲ ዕድል ስለ ዘይተጸንቀቐ፡ ኣርሰናል ድሕሪ 22 ዓመት ንፈለማ እዋን ሻምፕዮን ፕሪመር ሊግ ብምዃን ንደገፍታ ከተሐጉሶ ትጽበት ይግበሩ።

## "ኢሳቕ ኣብ መወዳእታ ወርሒ መጋቢት ክምለስ'ዩ" ስሎት

ኣርነ ስሎት፡ ኣጥቃዓይ ሊቨርፑል ኣሌክሳንደር ኢሳቕ፡ ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ጀሚሩ ናብ ልምምድ ክምለስ ከምዝኽእል ገሊጹ።

ኢሳቕ፡ ሊቨርፑል ኣብ ልዕሊ ቶተንሃም 2-ብ1 ኣብ ዝተዓወተትሉ ግጥም፡ ኣብ እግሩ ብዝገጠሞ መሰበርቲ፡ ካብ ታሕሳስ ጀሚሩ ካብ ጸወታ ወጻኢ ኮይኑ ይርከብ።

እዚ ካብ ኒውካስል ብ125 ሚልዮን ፓውንድ ዝተዓደገ ኣጥቃዓይ፡ ኣብ ኣንፊልድ ስታድየም ንዘበር ድኹም ጅማሮ፡ መሰበርቲ እኳ እንተተወሰኸ፡ ስሎት ግን ኹ ጽልዋ ከሕድር ይኽእል'ዩ ዝበል ትጽበት ከምዘለዎ ይገልጽ።




ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል፡ "ኣሌክስ ኣብዚ ሰሙን ንፈለማ እዋን ብናይ ኮሶ እግሪ መጻወቲ ዕጥቑ ዘይተሓስ ተራ ክዳን ወደዩ ኣብ ሜዳ ተረኺቡ ነይሩ። እዚ ተስፋ'ዩ ንዓይ። መወዳእታ ወርሒ መጋቢት ወይ ምጅማር ሚያዝያ፡ ክምለስ ተስፋ እገብር" ኢሉ።

ኢሳቕ ናብ ሊቨርፑል ካብ ዝመጸኡ ክሳብ ሕጂ ኣብ ኩሉ ግጥማት ኣብ ዘየደዶ 16 ጸወታታት ሰለስተ ሽቶታት ጥራይ ኣመዝጊቡ'ሎ።

ብተወሳኺ ስሎት፡ ጀረሚ ፍሪምፖንግ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ብምሕካይቲ ጭዋዳ ካብ ጸወታ ተኣልዩ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ዝመጽእ ሰሙን ምስ ዌስትሃም ኣብ ኣንፊልድ ዝካየድዎ ግጥም ክምለስ ከምዝኽእል ገሊጹ።

## ኣጥቃዓይ ጁቬንቱስ መተካእታ ለዋንዶውስኪ ክኸውን ይምነ

ሰርብያዊ ኣጥቃዓይ ዱሳን ቭላሆቪች፡ ምስ ጁቬንቱስ ዘለዎ ውዕል ክዛዘም ኣብ ዝቐረበሉ እዋን፡ ንወከልቱ ናብ ባርሴሎና ንኽሰጋገር ቀዳምነት ሂቦም ክሰርሑ ተላብዩዎም ኣሎ።



እዚ ተጻዋታይ፡ ዋላ'ኳ ሰራሕዊት ክሉብ ኤሲ ሚላን ተጕዳስነት ኣሕዲራትሉ እንተሃለወት፡ ንሱ ግን ንጀብርት ለዋንዶውስኪ ተኪኡ ኣብ ሜዳ ካምፕ ኖው ክጻወት እዩ ድልየቱ።

ማዕከናት ዜና "ወጋሕታ ሓድሽ ዘመን ኣብ ካምፕ ኖው ብሓደ ካብቶም ወሰንቲ ተጻወትቲ ሰረኣ ክምራሕ ይኽእል'ዩ።" ክብላ፡ ቭላሆቪች ኣብዚ ክራማት ናብ ባርሴሎና ንምስግጋር ዕላምኡ ከምዝጸረ ይሕብራ'ለዋ።

ጸብጻባት ኢጣልያ ከምዝሓብርዎ፡ እዚ ኣብ ቱሪን ጁቬንቱስ ጸዑቕ እዋን ከሕልፍ ዝጸንሐ ሰርብያዊ ኣህጉራዊ ተጻዋታይ፡ ልዕሊ ካልኦት ክለባት ናብ ባርሴሎና ክሰጋገር ምድላዩ፡ ንበቐዓቱ ክፍትን ንጹር ድሌት ከምዘለዎ ዘመልክት'ዩ።

ኣብ ጁቬንቱስ ክጸንሓሉ ከቕጽሎ ዝኽእል ውዕል ስለዘይተረ꞉እዩ፡ እዚ ወዲ 26 ዓመት ተጻዋታይ ኣብ ከዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ካብቶም ኣዝዮም ተደላይቲ ነጻ ወኪላት ክኸውን ተዳልዩ ኣሎ። እዚ ድማ ምስ ስትራተጂካዊ ውጥን ባርሴሎና ብልክዕ ዝሰማማዕ ኮይኑ'ሎ። ምኽንያቱ፡ እታ ክሉብ፡ ንኮቦብ ፖላንዳዊ ኣጥቃዓይ ለዋንዶውስኪ፡ ክትትክእ ትሓስብ ብምህላዋ'ዩ።



ብወገን ባርሴሎና ኣጥቃዓይ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ጁልያን ኣልቫረዝ እውን ንዕርድ ናይታ ክሉብ ኣማራጺ ኮይኑ ይቐጽል ኣሎ። እንተኾነ ግን ምስቲ ክህሉ ዝኽእል ናይ ማስርሒ ምስግጋር ክፍሊት፡ ኣብ ግምት ብምእታው ነዚ ኣርጀንቲናዊ ውዕል ምድላው ክኸብድ ይኽእል'ዩ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ መጻኢ ዕድል ቭላሆቪች ኣብ ወርሒ መጋቢት ቅርጺ ክሕዝ እዩ።

## ጽንጽንታ ምስግጋር ተጻወትቲ

- **ማንዩናይትድ** ንእንግሊዛዊ ኣጥቃዓይ ማርከስ ራሽፎርድ ናብ ባርሴሎና ብ26 ሚልዮን ፓውንድ ክትሸጦ ምስምማዕ ኣጣዊሳዋ ይርከብ፡፡ ምኽንያቱ፡ ኣብዚ ግዜ እዚ፡ እዚ ወዲ 28 ዓመት ተጻዋታይ ሕጂ ኣሰታት 50 ሚልዮን ፓውንድ ዋጋ ኣለዎ ኢሎ ስለ እትኣምን።
- ወዲ 28 ዓመት ተኸላኻላይ **ቦርንማውዝ** ኣርጀንቲናዊ ማርኮስ ሴኔሲ፡ ምስ ክሉብ ቸሪስ ሓደሽ ውዕል ከምዘይፍርም ድሕሪ ምውሳኑ፡ ኣብዚ ክራማት ናብ ባርሴሎና ክጸንበር ባህጊ ከምዘለዎ ይዛረብ።
- ወዲ 23 ዓመት እንግሊዛዊ ኣጥቃዓይ ሊያም ደላፕ፡ ኣብዚ ክራማት ካብ **ቸልሲ** ክወጽእ ተኽእሎ ኣሎ። እዚ ዜናዚ ንማንዩናይትድ፡ ኒውካስልን ኤቨርተንን ኣደንቦ ክንብረሉ ዓዲምወን ይርከብ።
- **ማንዩናይትድ** ወዲ 25 ዓመት ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ እንግሊዝ ጃዶን ሳንቾ፡ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ዓመተ-ጸወታ ብነጻ ካብታ ክሉብ ክወጽእ ኣዳልያቶ ከምዘላ ኣፍሊጣ።
- **ዌስትሃም** ንወዲ 24 ዓመት ካናዳዊ ኣጥቃዓይ ፕሮሚስ ዴቪድ፡ ካብ ዩኒየን ሴንት ጂሎይስ ንምፍራም ኣብ ዝቐደድ ውድድር ዓብላልነታ ኣውሒሳ።
- **ቶተንሃም** ኣብዚ ክራማት ዓቢ ወጻኢታት ብምግባር፡ ንወዲ 23 ዓመት ኣከፋፋሊ ኣስቶንቪላ እንግሊዛዊ ሞርጋን ሮጀርስ ክትውንኖ ትኽእል'ያ።
- **ኣጥቃዓይ** ቶተንሃም ሪቻርሊሰን፡ ካብታ ክሉብ ክወጽእ ተኽእሎ'ሎ። ፍላሚንጎን ኣትሌቲኮ ማድሪድን፡ ኣብ ልዕሊ እዚ ወዲ 28 ዓመት ብራዚላዊ ኣህጉራዊ ተጻዋታይ ተገዳስነት ከምዘለወን ይንገር።
- **ባየር ለቨርኩሰን** ኣብዚ ክራማት ንጀርመናዊ ኣከፋፋሊ ሊያን ጎረትዝካ ካብ ባየር ሙኒክ ከተፈርሞ ድሌት ኣሕዲራ ኣላ። እንተኾነ እዚ ወዲ 31 ዓመት ናብ ክለባት እንግሊዝ ክሰጋገር ከም ዝመርጽ ይንገር። ኣርሰናል'ውን ኣደንቦ ገይራትሉ ከምዘላ ይፍለጥ።
- ወዲ 40 ዓመት ክሮኤሽያዊ ኣከፋፋሊ ሉካ ሞድሪች፡ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ዓመተ-ጸወታ፡ ናይ ሓደ ዓመት ውዕሉ ከናውሕ ብምኽኣሉ ኤሲ ሚላን፡ ኣብ ልዕሊ እዚ ተጻዋታይ ዘለዋ ርእሰ-ተኣማንነት እናዓበየ ይኸይድ ኣሎ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጻጋይ

## ኣመሪካ፡ ኢራን ኣብ ስምምዕ ንኽትበጽሕ ጸቕጢ ትገብር

ቤት ጽሕፈት ቤተ መንግስቲ ኣመሪካ፡ ኢራን ኣብ ዝሓጸረ እዋን ምስ ኣመሪካ ኣብ ስምምዕ ክትበጽሕ ኣተሓሳሰበ።

ኣፈኛ ዋይት ሃውስ ካሮሊን ሊቨት ኣብ ዝሃበቶ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ እቲ ምስ ኢራን ዘየሰማምዕ ዘሎ ጉዳይ ምምዕባል ንዩክሌሳዊ መደባት ጣህራን ብዲፕሎማሲያዊ መንገዲ ክፍታሕ ተስፋ ከም ዘለዎ ገሊጹ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣመሪካ ብዘይካ እታ ኣቐዲማ ናብ ማእከላይ ምብራቕ ዝሰደደታ ዓርሞሸሽ መርከብ፡ ኣብ ዝመጽእ ሰለስተ ሰሙን ኣብቲ ዞባ ክትበጽሕ ትጽቢት ዝገበረትላ 'ዩ.ኤስ.ኤስ ጀራልድ ኣር.ፎርድ' ዝተሰምየት ናይ ዓለምና ዝዓበየት መርከብ ውግእ ኣበጊሳ ከም ዘላ እዩ ዝሕበር።

መግለጺ ናይታ ኣፈኛ፡ ኣመሪካን ኢራንን ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት ኣብ ስዊዘርላንድ ዘካየዳኦ ዝርርብ ተስፋ ከም ዝተረኽቦ ኣብ ዝሕበረሉ ዘሎ እዋን እዩ ዝውጽእ ዘሎ።

መራኽቢ ብዙሓን ኣመሪካ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ኢራን ንዝካየድ መጥቃዕትታት ኣመልኪቱ ምስ ኣማኸርቱ ከም ዝተዘራረበ ሓቢረን ኣለዋ።

ብተወሳኺ እታ ኣፈኛ፡ ኢራን ኣብ ዝሓጸረ እዋን ምስ ፕረዚደንት ትራምፕን ምምሕዳሩን ስምምዕ ክትገብር ብልሒ ምዃኑ ገሊጻ።




## ሰሜን ኮርያ፡ ንዩክሌሳዊ ኣጽዋር ክውንጭፋ ዓቕሚ ዘለወን ስርዓታት ንምርኢት ኣቕሪባ



መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን፡ ቅድሚ እቲ ኣገዳሲ ፖለቲካዊ ኣኼባ ሰሜን ኮርያ ምዃኑ ዝንገረሉ ጉባኤ ሰልፊ ሰራሕተኛታት ምኽያዱ፡ ንዩክሌሳዊ ኣጽዋር ክውንጭፋ ዓቕሚ ዘለወን ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ከኣ ሮኬታት ዝውንጭፋ ዘለዋ ብርክት ዝበላ ስርዓታት ንምርኢት ከም ዘቕረበ፡ መንግስታዊ ማዕከን ዜና ናይታ ሃገር ሓቢሩ።

መራሒ ኪም ጆንግ ኡን ኣብቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ምርኢት፡ ነተን 50 ዝበጽሓ ብርክት ዝበላ ሮኬታት ዝውንጭፋ ስርዓታት፡ "ማስተንክር ወተሃደራዊ መሳርያ" ክብል ገሊጹወን።

ኣብቲ ዝቕጽል ጉባኤ፡ ሓድሽ ወተሃደራውን ህንጻውን ሸቶታት ክውሰን ምዃኑ ዝፍለጠ መራሒ ሰሜን ኮርያ፡ እቲ ንምርኢት ዝቐረበ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ኣብ ጥቕሚ ምስ ዝውዕል፡ መዓቱ ዝከኣል ከም ዘይኮነ ኣተሓሳሰበ።

ንሱ ወሲኹ፡ እቲ ወተሃደራዊ መሳርያ፡ ስብሰርሓ ብልሕን ምዕቡል ስርዓት መምርሕን ዝዓጠቐ ምዃኑ ድሕሪ ምግላጹ፡ ፍሉይ ስትራተጂያዊ ተልእኾታት ንምፍጻም ምቹእ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ወርሒ ክካየድ ምዃኑ ዝግለጽ ዘሎ ታሻዓይ ጉባኤ ሰልፊ ሰራሕተኛታት ሰሜን ኮርያ፡ ኣገዳሲ ፖለቲካዊ ኣጋጣሚ ናይታ ሃገር ምዃኑ ይግለጽ።

ኣብ'ቲ ብሕጂ ዝካየድ ጉባኤ፡ ፖሊሲ ወጻኢ፡ ውጥናት ኩናትን ንዩክልየሳዊ መደባትን ሰሜን ኮርያ ኣብ ዝቕጽል ሓሙሽተ ዓመታት እንታይ ከም ዝመስል መደባት ክሕንጸጽ ምዃኑ፡ ምስቲ ዛዕባ ቀርበት ዘለዎም ወገናት ሓቢሮም ኣለው።

እቲ ክሳብ 400 ኪሎ ሜትር ርሕቀት፡ ሮኬት ክውንጭፍ ዝኽእል ስርዓት፡ ንሰሜን ኮርያ ካብ ደቡብ ኮርያን ኣመሪካን ክመጽእ ንዝኽእል ወሀድ ሓይሊ ንምምካት ዝዓለመ ምዃኑ ተዓዘብቲ ይገልጹ።

## ናይጀርያ፡ ብውሕዱ 37 ዓደንቲ ብብከላ መርዛም ጋዝ ሞይቶም

ኣብ ማእከላይ ክፋል ናይጀርያ ኣብ ዝርከብ ቦታ ዕደና፡ ብውሕዱ 37 ዓደንቲ፡ ካርቦን ሞኖክሳይድ ብዝተባህለ መርዛም ጋዝ ተመሪዞም ከም ዝሞቱ ተሓቢሩ።



ብተወሳኺ፡ ቡቲ ኣብ ክፍለ ሃገር ፕላቱ ኣብ እትርከብ ከተማ ዋሰ ዘጋጠመ ሓደጋ ምራዙ ካልኦት 25 ሰባት እውን ኣብ ትሕቲ ሕክምናዊ ክትትል ከም ዝርከቡ ተገሊጹ ኣሎ።

ሰበ ስልጣን መንግስቲ ናይታ ሃገር፡ ኣብቲ ሓደጋ ዘጋጠመሉ ዘይሕጋዊ ቦታ ዕደና ዝርከቡ ብርክት ዝበሉ ማዕድናት፡ መርዛም ጋዝ ዝተፍኡ ኮይኖም ከም ዝረኸብዎም ኣረዲኦም።

ንሳቶም ወሲኾም፡ ብሰንኪ ካብቲ ናይ ዕደና ቦታ ዝትፋእ መርዛም ጋዝ፡ ካልኦት ቁጽሮም ዘይተፈልጠ ብርክት ዝበሉ ሰባት'ውን ኣቐዲሞም ሞይቶም ክኾኑ ከም ዝኽእሉ እዮም ስግኣታቶም ዝገልጹ።

ኣብ ናይጀርያ፡ ዘይሕጋዊ ንጥፈታት ዕደና ልሙድ ኮይኑ፡ መብዛሕትኡ ግዜ መንግስታዊ ቁጽጽርን መሰረታዊ ቅጥዕታት ድሕነትን ዘየማልአ ብምዃኑ፡ ብተደጋጋሚ ሞት ከም ዘስዕብ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ካሊፎርንያ፡ ብመደራጋሕ በረድ ሸሞንተ ሰባት ሞይቶም

ኣብ ኣኽራናት ሴራ ኔቫዳ - ካሊፎርንያ፡ ህይወት ሸሞንተ - ንጥፈታት ምንሸርታት በረድ ዘዘውትሩ ሰባት ዝቐዘፈ መደራጋሕ በረድ ከም ዘጋጠመ፡ ሰብ መዚ ናይቲ ከባቢ ሓቢሮም።

እቲ ሓደጋ ኣብ ውሽጢ ዝሓለፉ 40 ዓመታት ካብ ዘጋጠመ ዝኸፍአ ምዃኑ ተገሊጹ።

ብተወሳኺ፡ ብሰንኪ እቲ መደራጋሕ፡ ሓደ ሰብ ደሃዩ ክጠፍእ ከሎ ሽዱሽተ ካልኦት ተመሳሳሊ ስፖርታዊ ንጥፈት ዘዘውትሩ ሰባት ከኣ ብህይወት ከም ዝደሓኑ ተገሊጹ ኣሎ።



ሓላፊ ፖሊስ ናይታ ከተማ፡ ብሰንኪ ብርቱዕ ህቦብላዊ ክረምቲ ናይቲ ከባቢ፡ ጉጅለታት ህይወት ኣድሕን ነቲ ደሃዩ ጠፊኡ ዘሎ ሰብ ንምርካብ ተሸጊሮም ከም ዘለዉ ገሊጹ።

ማእከል ምንሸርታት በረድ ግዝኣት ኔቫዳ፡ ብሰንኪ ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ወርጪ ዝዕብለሎ ዝሑል ኩነታት ኣየር፡ ተወሳኺ መደራጋሕ በረድ ኪጋጥም ዘሎ ተኽእሎ ብምጥቃስ ዝለዓለ ምዃኑ ኣጠንቂቑ።

## ኣመሪካ ኣብ ሶርያ ዝተረፉ ሰራዊታ ክትስሕብ ምዃና ተሓቢሩ

ኣመሪካ፡ ኣብቲ ኣብ ሶርያ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከራ ዝርከቡ 1 ሽሕ ወተሃደራታ ክትስሕብ ምዃና፡ መጽሔት 'ዎል ስትሪት' ንሰለስተ ሰበ ስልጣን ኣመሪካ ብምጥቃስ ሓቢራ።

እታ መጽሔት፡ ዝበዝሑ ካብቶም ኣብ ሶርያ ዓሊሮም ዝርከቡ ወተሃደራት ኣመሪካ፡ ኣብ ዝቕጽል ክልተ ኣዋርሕ ናብ ሃገሮም ክምለሱ መደብ ተታሒዙ ከም ዘሎ ከኣ ወሲኻ ኣጺራ።

ሓደ ሳዕለዋይ ብዓል ስልጣን ኣመሪካ፡ እቲ ወተሃደራት ናይ ምስሓብ ውሳኔ መንግስቲ ሶርያ ኣብ ውሽጢ ደቡብ ዝፍጸም ግብረ-ሽበራ ንምምካት ሓላፍነት ክወስድ ድሕሪ ምስምማዑ ዝተወሰደ ምዃኑ ገሊጹ።

ሰራዊት ኣመሪካ፡ ኣብ ሶርያ ንዝካየድ ንጥፈታት ዳዕሽ ንምምካት፡ ካብ 2015 ጀሚሩ ኣብታ ሃገር ወፍሪ ጸረ-ሽበራ ከም ዘካየደ ጸብጻባት የመልክቱ።

እቲ ወተሃደራት ናይ ምስሓብ ውሳኔ፡ ኣመሪካ ብፍላይ ኣብ ጥቓ ኢራን፡ ብሓፈሻ ከኣ ኣብቲ ዞባ ዘለዋ ወተሃደራዊ ህላወ እናኣጸዓቐቶ ትመጽእ ኣብ ዘላ እዋን ይወሰድ ከም ዘሎ እዮም ተዓዘብቲ ዝገልጹ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት፡ ኣመሪካ ቡታ 'ዩ.ኤስ.ኤስ ኣብርሃም ሊንከን' ዝተሰምየት ዓርሞሸሽ መርከብ ዝተመርሓ ቃፍላይ መራኽብ ውግእ ናብ ማእከላይ ምብራቕ ከተምርሕ እንከላ፡ ኣብ ዝመጽእ ሰለስተ ሰሙን ኣብቲ ዞባ ክትበጽሕ ትጽቢት ዝግበረላ ካልእ 'ዩ.ኤስ.ኤስ ጀራልድ ኣር.ፎርድ' ዝተሰምየት ናይ ዓለምና ዝዓበየት መርከብ ውግእ ከኣ ኣበጊሳ ከም ዘላ እዩ ዝሕበር።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሶርያ ዝርከብ መዓስከር ኣልታንፍን ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ዝርከብ መዓስከር ኣል-ሻዳዲን ዓሪዶም ዝነበሩ ሰራዊት ኣመሪካ ከም ዝለቐቑ ጸብጻባት የመልክቱ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቊ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፍርማሲ በራኺ | 20/2/26 | ክባቢ ፊያትታሊሮ ፊት ቶታል መዐደሊ ነዳዲ | 07147264 |

ፋርማሲ ቊ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቊ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services